# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.88 | ዓርቢ 12 ታሕሳስ 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ስምምዕ ሰላም ርዋንዳን ደ.ሪ.ኮንጎን ኣበይ በጺሑ፧



ገጽ 4
ዓይነት ደምና ብኸመይ እዩ ዝልለ?




ገጽ 5
ወሪርቀይሕ ኮኾብን ታኺላ ቀይሕ መስመርን

ገጽ 11
ማእከል - ናይ ጽርግያ ወድድር ኣትለቲክስ ተሰሪዑ

## ዓንሰባ - ኣብ ኣገዳስነት ትምህርቲ ንዓበይቲ ተዘቲዩ





ባይታ ዘንጽፍ ከምዝኾነ ብምሕባር፣ ተመሳሰልቲ መድረኻት ናይ ምብህሃል በሪ ብምርሓው፣ ንዘውሰዱ ተበግሶታት ናህሪ ዝውሰኹን ሸቶታት ዘላቒ ልምዓት 2030 ንምስማር ዝሕግዙን ምኳናም ኣስሚሮምሉ።

ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ዕዙዝ ኣገዳስነት ዘለዎን ንቀጻሊ ትምህርቲ ኣንፈት ዝሀብን ብምዃኑ፡ ንምዕዋቱ ተሳትፎ መላእ ሕብረተሰብ ከዓዘዘ፡ ብ8ን 9ን ታሕሳስ ኣብ ከረን ኣብ ዝተኻየደ ዘተ መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

እዚ መዘኻኸሪ፡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ካብ 2020 ኣትሒዙ ንዝተሰላሰለ ናይ 5 ዓመት መደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ ዘተ'ዩ ቀሪቡ።

ኣቡቲ ኣመሓዳሪ ዞባ፣ ኣመሓደርቲ ንኡሳን ዞባታት፣ ሓለፍቲ ክፍልታት ዞባ፡ ግንባርን ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታትን ዝተረኽቡዎ መድረኽ ዘተ፡ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ዓንሰባ መምህር ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ኣብቲ ዞባ ትምህርቲ ንዓበይቲ ካብ ቀደሚ ናጽነት ኣትሒዙ ብልዑል ተገዳስነት ክስርሓሉ ከምዝጸንሐ ብምሕባር፡ እቲ ዘተ፡ ህሉው ኩነታት ትምህርቲ ንዓበይቲ ብምድህሳስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ንኽስራሓሉ ባይታ ዘንጽፍ ምኳኑ ገሊጹ።

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንመደብ ትምህርቲ ንዓበይቲ ማለት መደብ ዓርዮት፡ ምሸታዊ ትምህርትን ምጥፋእ መሃይምነትን ዘገልግላ 176 ኣብያተ-ትምህርቲ ከምዘለዋ ክግለጽ ከሎ፣ ቁጽሪ ናይቶም መሃይምነት ዘጥፍኡ ዜጋታት ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዛየደ ይመጽእ ምህላዉ ኣብቲ መድረኽ ዘተ ተሓቢሩ።

ኣብ ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን - ሚኒስትሪ ትምህርቲ፡ ሓላፊ ጨንፈር ምውጣን ስርዓተ-ትምህርቲ መምህር ትኳቦ ኣይመት ብወገኑ፡ ቀንዲ ዕላማ ናይ'ቲ ዘተ፡ ቀዳምነታት ብምልላይ፣ ኣገባቡ ኣተሓሓዛን ትግባረን ብጽሒት ስራሕ ንምንጻር፡ ውጥን ዘቐጸል 5 ዓመት ንምድላው፡ ከምኡ'ውን ወጽኢታውነት ዝሰላሰሉ መደባት ንምግምጋም ምዃኑ ብምብራህ፡ እቲ ዘተ ሓባራዊ መረዳእታ ንምፍጣር ኣገዳሲ ከምዝኾነ ኣዘኻኺሩ።

ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ዘተ ንኢሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ ካብ ኣገደስቲ መደባት ጽላት ትምህርቲ ዝኾነ ንጥፈታት ትምህርቲ ንዓበይቲ፡ ንቀጻሊ ትምህርቲ

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳን ኣብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ትምህርቲ ንዓበይትን ሚድያን ኣቶ ጉብረዝጊ ድማምን ኣብ መውዳእታ፡ እቲ መደብ ንንጹር ራኢ መንግስቲ ኣብ ጽላት ትምህርቲ ዘብርህ ምዃኑ ብምሕባር፣ ምሁር ሕብረተሰብ፡ ንቑሕ ወለዶ ስለ ዝፈጥር፣ መደባት ትምህርቲ ንዓበይቲ ንምዕዋት ኩለን ኣካላት ብዝሓየለ ክሰርሓ ኣዘኻኺሮም።

## ሰንዓፈ - ምምሕዳር ክራይ ኣባይቲ ምስ ነጋዶን ከፈልቲ ግብርን ዘቲዩ

ነጋዶ ብሓፈሻ ኣካረይቲ ድማ ብፍላይ ኢታዊኦም ኣፍሊጦም ዝግብኦም ግብሪ መንግስቲ ኣብ እዋኑ ክኸፍሉ፡ ብ6 ታሕሳስ ኣብ ከተማ ሰንዓፈ ኣብ ዝተገብረ ርክብ ጻውዒት ቀሪቡ።

ኣብ'ቲ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ወከልቲ ህዝቢ፡ ነጋዶን ካልኦትን ዝተረኽቡሉ ዘተ፡ ሓላፊ ኣሃዱ ክራይ ኣባይቲ ኣብ ን/ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ዓሊ መሓመድ-ሳልሕ፡ ኣካረይቲ ብመሰረት መምርሒ ንዝተኻረያ ኣባይቶም ብግቡእ ከመዝገቡን ሕጋዊ ውዕል ክገብሩን ጸዊዑ።

ዝምድና ኣካረይትን ተኻረይትን ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ከምዝሎ ዝሓበረ ኣቶ ዓሊ፡ ተኻረይቲ ብመሰረት ዝኣተውዎ ሕጋዊ ውዕል ዝግብኦም ክራይ ኣብ እዋኑ ከኸፍሉ፣ ኣብ ዝተኻረይዎ መንበሪ ገዛ ካብ ሕጊ ወጻኢ ዝኾነ ንጥፈት ከየካይዱ፣ ኣካራይቲ ድማ ንተኻረይቲ ናይ



ዝኸፈልዎ ክራይ ቅብሊት ክህቡን ግብርን ቀረጽን ኣብ እዋኑ ክኸፍሉን ኣዘኻኺሩ።

ኣቶ ዓሊ ኣብ መውዳእታ፡ መምርሒ ክራይ ኣባይቲ ካብ ዘፍቅዶ ሽደሽተ መልቀቒ ነጥብታት ወጻኢ፡ ኣካረይቲ ኣብ ልዕሊ ተኻረይቲ ጸቕጢ ምስ ዝገብሩ፡ ቤት-ጽሕፈት ክራይ ኣባይቲ ሕጊ ተኸቲሉ ስጉምቲ ክወስድ ስልጣን ከምዘለዎ ኣሕጺሩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ ውዕል ክራይ



ዘይገብሩ ኣካረይትን ተኻረይትን ክህልዉ ስለዝኽእሉ ጻህያስ ከም ከፉር፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ተኻረይትን ኣካረይትን ወሸጣዊ ስምምዕ ከይህሉ

ዕቱብ ምክትታል ክግበር ዝብሉን ካልእን ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ዜና

# ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት ‘መዓልቲ ምርኣይ’ ኣስተምህሮ ወዲቡ

ሚኒስትሪ ጥዕና ዞባ ማእከል፡ ብምኽንያት መዓልቲ ምርኣይ ኣብ ንኡስ ዞባ በረኽ ምምሕዳር ከባቢ ጸዕዳ ክርስትያን ኣብ ምክልኻል ዑረት ዓይኒ ዘተኮረ ኣስተምህሮ ወዲቡ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ በረኽ ኣቶ ተስፋ ፍስሓጼን ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ እቲ ብምኽንያት መዓልቲ ምርኣይ ብደረጃ ዞባ ንሞያውያን ጥዕናን ኣካላት ምምሕዳርን ናይ’ቲ ንኡስ ዞባ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ፡ ኣፍልጦ ኣብ ምክልኻል ዑረት ዓይኒ ዘበርኽ ምዃኑ ጠቒሱ፣ ብሚኒስትሪ ጥዕና ዝወጹ መምርሒታትን ገስጋሳትን ብምልእኦት ክትግበሩ ተማሕጺኑ።

ኣብ ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ሃገራዊ ፕሮግራም ምክልኻል ዑረት ዓይኒ ዶ/ር ኣለም ዘካርያስ፡ ኣብ ሕማም ዓይኒ ማለት ኩልመት ዘተኮረ ሰፊሕ ኣስተምህሮ ብምሃብ፡ ሰብ ሞያ ጥዕና ሕማማት ዓይኒ ዘስዕቡ ጠንቅታት ኣብ ምክልኻል ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎም ኣገንዚቡ።

መዳኸል ዳይረክተር ሃገራዊ መወከሲ ሆስፒታል ብርሃን ዓይኒ ዶ/ር ካሕሳይ ፍስሓጼን ብወገኑ፡ ኣብ ክንክን ዓይኒ ዘተኮረ መግለጺ ብምቕራብ፡ ኣብ ሃገርና ምክትታልን ምቍጽጻርን ሕማም ዓይኒ ብዝለዓለ ይስራሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ኣካላት ሕብረተሰብ ብሞያውያን ንዝወሃብ ምኽሪ ብሓላፍነት ክተግብሩ ኣዘኻኺሩ።

ካብ ኣሃዱ ምክትታልን ምቍጽጻርን ዘይተመሓላለፍቲ ሕማማት ክኢላታት ህዝባዊ ጥዕና ድማ፡ ኣብ ምክትታልን ምቍጽጻርን ሕማም ዓይኒ ዝርአ ሕጽረት ጠመተ ከምዘለ፡ ብተጠቃምነት ተንቀሳቐስቲ ሞባይላትን ካልኦት መሳርሒታትን ዝስዕብ ዘሎ ጉድኣት ክሕሰቡ መኸሪም።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዳይረክተር ጀነራል ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኮሎኔል ጉብረሂወት ወልደገርግሽ ወሓሰ ጥዕና ንምርግጋጽ፡ ብፍላይ ድማ ሕማም ዓይኒ ንምክልኻል ዝቐድድ ዘሎ ንጥፈታት ዝሓደ ምዃኑ ብምግላጽ፡ መደባት ኣገልግሎት ጥዕና ንምዕዋት መሳርኽቲ ሓበራዊ ርድኢት ብምምዕባል ተርእም ክጸውቱ ተላቢዩ፡ ኣብቲ ኢጋጥሚ ንተመሃሮ መርመራ ዓይኒ ተኻዪዱን መድሃኒት ብናጻ ተዓዲሉን።


ስእሊ. ዮዋሃንስ መብርሃቱ

# ሃማደኤ ጨ/ዞ/ማእከል፡ ኣብ መደባት ስራሕ 2026 ዘትዩ

ሃማደኤ ጨንፈር ዞባ ማእከል፡ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ስርሑ ብምግምጋም፡ ኣብ መደባት ስራሕ 2026 ዘዘተየ ርክብ ብ8ን9ን ታሕሳስ ኣካዪዱ።

ኣብቲ ካብ 16 ንኡሳን ዞባታት ዝተወከላ ኣባላት ሃማደኤ ዝተሳተፍኦ ገምጋም፡ ፖለቲካዊ ገስጋሳትን ጸልዋኡን፣ ኺጋሽን ውጽኢትን ውዳቤታት ማሕበር፣ መንነትን ክብርታትን ማሕበር ንምዕቃብ ዝተኻየደ ጻዕሪ፡ ቀጥባዊ ዓቕሚ ደቂ-ኣንስትዮ ንምሕያል ዝተኻየደ ንጥፈታት፣ ኣድማዕነት ዝተዋህበ ስልጠናታት፣ ኣበርክቶ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ልምዓት፡ ደምን ምውጋድ ጉዳእቲ ልምድታትን ከምኡ’ውን ምሕያል ማሕበርን ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ብዕምቈት ተዘቲዩሎም።

ሓለፍቲ ኣሃዱታት ናይ’ቲ ማሕበር ብወገኖም፡ ኣብ ኢታዊታትን ወጻኢታትን ከምኡ’ውን ውዳቤታት ማሕበር ጸብጻባት ብምቕራብ፡ ብሓፈሻ ቀጸሪ ኣባላት ማሕበር ንምዕባይ፣ ተሳትፎ መንእሰያት ንምሕያል ድማ ብፍላይ ዝተኻየደ ጻዕሪ እወታዊ ውጽኢት ከምዘተረኸበ ብምግላጽ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ጥሙር ልምዓታዊ መደባት ክጽኦ ተሳታፍነት ኣፍራይነተን’ውን እናዓበየ ይመጽእ ከምዘሎ ገሊጸን።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ምሕያል ኣባላት ማሕበር ብዕቱብ ክስራሕ ከምኡ’ውን ዘይተፈጸሙ መደባት ንምዝዛም ብውህደት ክዕየ ኣብ ሓበራዊ መረዳእታ በጺሐን።

ሓላፊት ጨንፈር ሃማደኤ ዞባ ማእከል ወይዘሮ ኣለም በላይ ኣብ ዘስምዓቶ መዛዘሚ ቃል፡ ዝተመዘገቡ ብልጫታት ከዕቀቡን ዝተራእዩ ድኽመታት ከም ቀዳምነቶም ክእረሙን ብምልባው፡ ምሕያል ውዳብ መንእሰያት፣ ልምዓታዊ መደባትን ኺጋሱን ከምኡ’ውን ተራ መራኸቢ ብዙሓን ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ክሰርሓሉ ኣዘኻኺራ።


ስእሊ. በረኸት የማነ




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጸ. 1284


# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ውጥን ምዕባለን ስልጠናን ኣብያተ-ትምህርቲ ተዘትዩሉ

ኣብ ውጥን ምዕባለን ስልጠናታትን ኣብያተ-ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ድሕሪ ዝተኻየደ መጽናዕትታት፣



ኣብ ወጽኢት ንጥፈታት ናይ ዝሓለፈ 5 ዓመታት ዘተኮረ ዘተ ብ8 ታሕሳስ ኣብ ባጽዕ ተኻይዱ።

ኣብቲ ሓለፍቲ ትምህርቲ ንኡሳን ዞባታት፣ ርእሰመምህራን፣ ሱፐርቫይዘራት፣ ሓለፍቲ ስሩምምህርና፣ መምህራንን ኮሚቲ ትምህርትን ዝተሳተፍዎ ርክብ፡ ኣብ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ሓላፊ ኣሃዱ ምምዕባል ዓቕሚ-ሰብ መምህር ግርማይ ዘርኣያቆብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ልዕሊ 70 ሚእታዊት ካብ ኣብያተ-ትምህርቲ ውጥን ምዕባለ ብምድላው፡ ብዙሓት ካብኣተን ድማ ኣተባባዒ ውጽኢት ከምዝመዝገባ ብምንጻር፡ ጠንቅታት ትሑትነት ውጥን ተለልዮም መፍትሒ ከምዝቐረበሎም ኣብሪሁ።

ካብተን ኣብያተ-ትምህርቲ ልዕሊ 90 ሚእታዊት ቤት-ትምህርቲ ዝሰረቱ ስልጠናታት ከምዝካየዳን ንሓያሎ መምህራን ዝወሃብ ስልጠናታት ድማ ልዕሊ 88 ሚእታዊት ከም ዝጸሓፈ ዝሓበረ መምህር ግርማይ፣ መብዝሕትአን ኣብያተ ትምህርቲ ናይቲ ዞባ፡ ብብጾዋ ብዘቃልሉ ተመክሮ ስራሕ፡ ነብሰን ክኢለን ከምዘለዋ ኣረጋጊጹ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ተመሳሳሊ መጽናዕትታት ክካየድ፣ ብመጽናዕትታት ተለልዮም ዘለዉ ጉድለታት ብኣጋ ክእለዩ፣ ሓደሽ ውጥን ስራሕ ብግቡእ ክትግበር ዝብሉን ካልኦት ርእይቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣብ መወዳእታ ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መምህር ረሺድ መሓመድ ዑስማን፣ ንኣገዳስነት ውጥን ምዕባለን ስልጠናታትን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣመልኪቱ ሰፊሕን ኣማእዛንን መብርሂ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኣብ መጽናዕቲ ተለልዩ ዘሎ ጋግ ንምእራም መሻርኽቲ ኣካላት እጃሞም ከበርክቱ፣ ብዝወሰኸ ድማ ኣብቲ ስራሕ ኣበርታውያን ዝኾኑ ሰብ ሞያን ኣብያተ-ትምህርትን መተባብዕን ኣፍልጦን ክወሃቦም ተማሕጺኑ።


ሰኣላይ መምህር ዳዊት

# ትንታነ ዜና

ሚርያም ኣብርሃም

## ስምምዕ ሰላም ርዋንዳን ደ.ሪ.ኮንጎን ኣበይ በጽሐ፧

ፕረዚደንት ደሞክራሳዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ፈሊክስ ትሺሰከዲን ምስ ርዋንዳዊ መዛኑኡ ፖል ካጋመ ዝሓለፈ ሓሙስ፡ ኣብ ከተማ ዋሽንግተን ዲሲ - ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ውዕል ሰላም ከም ዝኸተሙ እየን ማዕከናት ዜና ዓለም ከቃልሓ ቀንየን። ክልተኦም መራሕቲ ኑቲ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ብመንጎኛነት ኣመሪካን ቀጠርን ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ እዮም ኑቲ ውዕል ከቲሞሞ። እንተኾነ እቲ ዝተኸተመ ውዕል ሰላም ሰሙን ከየቑጸረ፡ ብወገን ደ.ሪ.ኮንጎ ክሲ ክሰዓል እዩ ተራእዩ። መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ ርዋንዳ ንውዕል ሰላም ኣፍሪሳ፡ ኣብ ኮንጎን ጎረባብቲ ሃገራትን ግጭት ትውልዕ ኣላ ብምባል'ዩ ከሲሱ።

ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ.ኮንጎ ብዝተኸስተ ግጭት ብውሕዱ 74 ሰባት ክሞቱ እንከለዉ፡ ካልኦት 100 ሰባት ድማ ብከቢድ ከም ዝቖሰሉ'ዮም ምንጭታት ናይ'ታ ሃገር ዝሕብሩ ዘለዉ። ብተወሳኺ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ ሒደት መዓልታት ጥራይ ልዕሊ 200 ሽሕ ሰባት ካብ ቤት ንብረቶም ከም እተመዛበሉ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ፡ እቲ መጥቃዕቲ በቶም ርዋንዳ ከም እትድግፎም ዝገልጾም ብ'ኤም-23' ዝፍለጡ ዕጡቓት ጉጅለታት ከም እተፈጸመ'ዩ ዝገልጽ ዘሎ። ኤም-23 ብወገኑ ኑታ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ.ኮንጎ እትርከብ ስትራተጂያዊት ከተማ 'ኡቪራ' ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተዋ ሓቢሩ። ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ ንከተማ 'ቡካቩ' ድሕሪ ምቁጽጻሩ፡ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ንከተማ 'ኡቪራ'፡ ከም ወተሃደራዊት መደበሩ ከም ምምሕዳራዊት ከተማን እዩ ክጥቀመላ ጸኒሑ። ብተወሳኺ፡ እታ ከተማ ኣብ ኢድ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ምእታዋ፡ ንመንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ዓቢ ክሳራ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ፖለቲካ የጽንዑ። ምኽንያቱ ከተማ 'ኡቪራ' ምስ ብሩንዲ ተራኺባ ስትራተጂያዊት ከተማ እያ። ብሩንዲ ከኣ ኣብዘን ዝሓለፋ 2 ዓመታት ንመንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ደጊፋ ኣንጻር 'ኤም-23' ክትዋጋእ ጸኒሓ እያ።

እቲ፡ መራሕቲ ኬንያ፡ ኣንጎላ፡ ብሩንዲን ቶጎን ከምኡ'ውን ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ኡጋንዳ ዝተሳተፍዎ ውዕል ሰላም ደ.ሪ.ኮንጎን ርዋንዳን፡ ኑቲ ነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ናብ መኸተምታ ከብጽሖ ዝኽእል'ዩ ተባሂሉ'ዩ ተሞጊሱ ነይሩ። እንተኾነ፡ ብዙሕ ከይሰገሩ፡ ድሕሪ ሓደ መዓልቲ ናይቲ ስምምዑ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ርዋንዳ ኦሊቨር ንዱሃንገረ፡ ሃገሩ ካብ ደ.ሪ.ኮንጎ ዘሎ ሰራዊታ ክትስሕብ ዝተሰማምዓቶ ውዕል ከም ዘየለ፡ ምኽንያቱ ርዋንዳ ኣብ ኮንጎ ዘዕስከረቶም ወተሃደራት ከም ዘየለዉ እዩ ዝገልጸ። ርዋንዳ ኣቐዲማ ምስቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ዝርከብ ዕጡቕ ጉጅለ 'ኤም-23'፡ ዝኾነ ምትእስሳር ከም ዘይብላ እያ ክትምጉት ጸኒሓ።

ይኹን'ምበር ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ 'ርዋንዳ ቀንዲ መስራቲትን ደጋፊትን ናይቲ ብኤም 23 ዝፍለጥ ዕጡቕ ጉጅለ እያ' ክብል ምኽሳሱ ዝዝከር እዩ።

ጉጅለ ክኢላታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣስታት 4 ሽሕ ወተሃደራት ርዋንዳ ኣብ ኄኒ ጉጅለ ኤም-23 ብምዃኑ ኣንጻር መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ተሰሊፎም ምህላዎም እዩ ኣብቲ ሸው እዋን ጠቒሱ ነይሩ። ቀጺለን'ውን ኣመሪካ፡ ብሪጣንያን፡ ፈረንሳን ተመሳሲሊ ሓሳባት ብምቕራብ፡ ርዋንዳ ንዕጡቕ ጉጅለ ኤም 23 ትድግፍ ኣላ ክብላ እየን ተሰሚዐን። መንግስቲ ኪጋሊ ግን ኑቲ ሰፊሕ ከባቢታት ደ.ሪ.ኮንጎ ተቖጻጺሩ ዝርከብ 'ኤም-23'፡ ፋይናንሳዊ ይኹን ወተሃደራዊ ሓገዝ ኣበርኪቱሉ ከምዘይፈልጥ ብምሕባር ኑቲ ካብ ሓያሎ ሃገራት ዝመጽኦ ክሲ ብትሪ ክነጽጎ እዩ ተራእዩ። እዚ ኩሉ ክስተታት ተደማሚሩ፡ ሕጂ ተኸቲሙ ዘሎ ስምምዕ ሰላም፡ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተበጽሐ ስምምዕ ዘይዕወት ኮይኑ ክተርፍ ከም ዝኽእል እዩ ዝግመት ዘሎ። ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሰነ ብመንጎኛነት ኣመሪካ፡ ኣብ መንጎ ርዋንዳን ደ. ሪ. ኮንጎን ተመሳሲሊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ተኸቲሙ ምንባሩ ኣይርሳዕን። ብመሰረት እቲ ሸው ዝተበጽሐ ስምምዕ ክልቲኤን ሃገራት ካብ ቤት-ንብረቶም ተመዛቢሎም ዘለዉ ስደተኛታት ናብ ቤቶም ክምለሱ ጥጡሕ ባይታ ክፈጥራን ንዕጡቓት ጉጅለታት ዝሁብኦ ሓገዝ ደው ክብላን እየን ተሰማሚዐን ነይረን። የግዳስ እቲ ዝተበጽሐ ስምምዑ ብዘይ ንጹር ምኽንያት፡ ሸው ንሸው እዩ ተጣሒሱ። እቲ ግጭት'ውን ቀጺሉ። ሕጂ ድማ፡ ድሕሪ ሓሙሽተ ወርሒ'ዩ ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ወገናት ንኻልኣይ ግዜኡ ተመሳሳሊ ውዕል ሰላም ዝኸተም ዘሎ። እቲ ውዕል ሰላም፡ ሓድሕዳዊ ዶብ ክልቲኤን ሃገራት ክኽበር፡ ክልቲኤን ሃገራት ንዕጡቓት ጉጅለታት ካብ ምድጋፍ ክቑጠባ፡ ኣገዳሲ ግብረ-መልሲ ድማ ብተመሳሳሊ ደው ክብላ ዝብሉ ነጥብታት ዝሓቖፈ እዩ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ኑቲ ኣብ መንጎ እዘን ክልተ ጎረባብቲ ሃገራት ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም፡ ታሪኻዊ'ዩ ብምባል፡ እታ ዕለት ንኣህጉር ኣፍሪቃን ዓለምን ብልጽቲ ኢጋጥሚ'ያ ክብል እዩ ተሰሚዑ። 'ኣብ መንጎ ፕረዚደንት ፈሊክስ ትሺሰከዲን ፕረዚደንት ፖል ካጋመን ዓቢ ርእሱምትእምማን እዩ ዘሎ' ዝበለ ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኑቲ ተኣትዩ ዘሎ መብጽዓታት ከኽብርዎ ዓቢ እምነት ከም ዘለዎ ኣብሪ ኢጋጣሚ ኣረዲኡ። ንሱ ወሲኹ፡ ኣስታት 30 ዓመታት ዝቐጸለ ግጭት ናይ'ዘን ክልተ ሃገራት ከም ዘብቅዐ ብምጥቃስ፡ ድሕሪ'ቲ ስምምዕ ዓበይቲ ኩባንያታት ኣመሪካ ኣብ ክልቲኤን ሃገራት ዓቢ ወፍሪ ከዘብራ ምዃነን እዩ ቃል ኣትዩ።

ብመሰረት ዝተኻየዱ መጽናዕትታት፡ ደሞክራሳዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ኣስታት 25 ትሪልዮን ዶላር ዝዋጋኡ፡ ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ኣለዋ። እዚ ኣብ ሰፊሕ ከባቢታት ናይ'ታ ሃገር ዝርከቡ ኮባልት፡ ኮፐር፡ ሊትየም፡ ማንጋሽን ታናታለምን ዘጠቓልሉ ክቡራት ማዕድናት፡ ንማስርሒ ሞባይላት፡ ኮምፕዩተራትን ካልኦት ኤሌትሮኒካውያን ኣቑሑን ዘገልግሉ እዮም። ደ.ሪ.ኮንጎን ካልኦት ብርክት ዝበሉ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ከም ዘመልክትዎ፡ ርዋንዳ ኑቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተወሊዑ ዘሎ ግጭት ብዝተፈላለየ መንገዲ ተጕዝሀሮ ከም ዘላ'ያ ብሓያሎ ወገናት ትኽሰስ። ዕቑር ባህርያዊ ሃብቲ ናይ'ታ ሃገር ኣብ ምዝማት እውን ትሳተፍ ከም ዘላ መንግስቲ ኮንጎ ይኸስስ። ኣብዘን ዝሓለፋ ቀረባ ዓመታት 'ኤም-23' ብርክት ዝበላ ብማዕድናት ዝሃብተማ ስትራጂያውያን ዓድታት ደ.ሪ.ኮንጎ ድሕሪ ምቁጽጻሩ ኣብ ፍሉይ-ወከፍ ወርሒ ኣስታት 120 ቶን 'ኮልታን' ዝተባህለ ማዕድን ናብ ርዋንዳ ክልእኽ ምጽንሑ፡ ጸብጻባት ውድብ ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ። 'ኮልታን'፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሞባይል ንምስራሕ ዝሕግዙ ማዕድናት እዩ። እንተኾነ ርዋንዳ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ማዕድናት ደ.ሪ.ኮንጎ ትምዝምዝ ኣላ ንዝብል ክሲታት ክትነጽጎ እያ ተራእያ።

ብሰንኪ'ቲ ኣብ ደ.ሪ.ኮንጎ ተኸሲቱ ዘሎ ብርቱዕ ግጭት፡ ኣብዚ ዓመት ጥራይ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ደ.ሪ.ኮንጎ ልዕሊ 1.2 ሚልዮን ሰባት ካብ ኣባይቶም ተመዛቢሎም - ብመሰረት ጸብጻባት። ኣብ 2012 ዝተመስረተ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ብርዋንዳውያን ዓሌት ቱትሲ ዝቖመ ምዃኑ እዩ ዝሕበር።

እቲ ብርዋንዳ ዝድገፍ ምዃኑ ዝግለጽ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 10 ኣዋርሕ ጥራሕ፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ንዝርከባ ስትራተጂያውያን ከተማታት በናጋና፡ ክዋንጃ፡ ኪቓንጋ፡ ሩብዮ፣ ሩሹሩ፡ ጎማን ቡካቩን ከም እተቖጻጸረ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ በዚ እንተቐጺሉ ኑቲ ኣብ ጸቡቕ ቁመና ዘየለ ሰራዊት መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ደፊኡ ናብ ርእሰ ከተማ ናይ'ታ ሃገር - ኪንሻሳ ገጹ ክምስምስ ከም ዝኽእል ምንጭታት ናይ'ቲ ከባቢ ይእምቱ።

ደ.ሪ.ኮንጎ ብሓያሎ ባህርያዊ ጸጋታት ዝሃብተመት ሃገር ብምዃና፡ ኣብታ ሃገር ዝቐደድ ዘሎ ኩናት ብቐጥታን ብተዘዋዋሪን ኢድ ናይ ሓያሎ ሃገራት ከም ዘለዎ'ዮም እቶም ምንጭታት'ታ ሃገር ዝጠቕሱ። በዚ ድማ'ዩ፡ መንግስቲ ደ.ሪ.ኮንጎ ኣብ ምውሓስ ጸጥታን ሰላምን ሃገሩ ከቢድ ብደሆ ገጢሙዎ ዘሎ።





• • • • • • • • • •

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ ቀጥታ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:04 | ሞዛይክ 1ይ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዕላል ተመክሮ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2ይ |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ገሉብ ደሓን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ጸር'ታ ዓዲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝዋም |

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ዓይነት ደምና ብኸመይ እዩ ዝልለ?

ደም፡ ብስራሕ ናብ መላእ ኣካላትና ዝበጽሕ፡ ሰብነትና ብዙሃዊ ክሳተፍ ዝገብር፡ ኣገዳሲ ፈሳሲ ሰብነትና እዩ። ኦክሲጅንን ኣገዳሲ መኣዛን ተሰኪሙ ናብ መላእ ሰብነትና የበጽሕ። ብመንገዱ ድማ ሰብነትና ዘድልዮ ረሳሕ ወፅያት ከም ዝንሓፍ ይገብር።
ደም፡ ፕላዝማ ብዝበዝሐ ካብ ማይ ቀሩብ ብዙሓፍስ ፈሳስን ብዋህዮታትን ዝቖመ እዩ። ፕላዝማ ኣስታት 55 ሚእታዊት ናይ ደም ዘቖውም ኮይኑ፡ ብሩህ ማያዊ ክፋል ናይ ደም'ዩ። ዝበዝሐ ክፋል (ማለት 92 ሚእታዊት) ትሕዝቶ ፕላዝማ - ማይ እዩ።
ዋህዮታት ደም ኣስታት 45 ሚእታዊት ናይ ደም ወፅያት የቐሙ - እዚኦም ኣብ ፕላዝማ ዝንሳፈፉ ቀያሕቲ ዋህዮታት፡ ጻዕዱ ዋህዮታት፡ ከምኡ'ውን ፕላትሌት ይብሃሉ።

ደም ዝተፈላለየ ዕማም ብዘለዎም ቀያሕትን ጻዕዱን ዋህዮታት ይቖውም። ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ሆሞግሎቢን ዝሓቑፈ እዩ። ሆሞግሎቢን - ኦክሲጅን ዝሰኽም ፕሮቲን እዩ።

ጻዕዱ ዋህዮታት ደም ቀንዲ ክፍሊ ሕማም ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ሰብነትና እዩ። ሕማም ናይ ምጽዋር ስርዓት ሰብነትና፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማትን ረኽሲታትን ንምክልኻል ይሕግዙና።
ፕላትሌትስ (platlets)፡ መድመይቲ ምስ ዘጋጥም ንኽቋርጽ ዝሕግዙ፡ ዲስኮ (ብዮቲ) ዝቕርጾም ደቀቕቲ ዋህዮታት ደም እዮም።

ኣርባዕተ መሰረታውያን ጉጅለታት ደም ኣለዉ - 'ኤ'፡ 'ቢ'፡ 'ኤቢ' ከምኡ'ውን 'ኦ'። ክኢላታት ጥዕና ደም፡ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብዘሎ ጸረ-ጃን 'ኤ' ወይ 'ቢ' ምኽንያት ብምንጽጻር ዓይነት ደምካ ይወስኑ። እዚ ዓይነት ምደባ ኣገባብ 'ኤቢኦ' (ABO system) ተባሂሉ ይፍለጥ።

**ዓይነት ደምና ብኸመይ እዩ ዝልለ?**
ክኢላታት ደም ጥዕና፡ ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ዝዘሎ ጸረ-ጃን (antigen) ብምምርማር እዮም ዓይነት ደምና ዘለልዩዎ። ጸረ-ጃን፡ ሰብነትና ብጸረ-ጋና ኣካል ከጥቃዕ እንከሎ፡ ንስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነትና ግብረ-መልሲ ንኽህብ ዘቓቕሕ ወፅያት ኣብ ደምና እዩ። ስርዓት ምክልኻል ሕማም ሰብነትና ነቲ ኣብቲ ዝተለገሰ ደም ዘሎ ጸረ-ጃን ከለልዮ እንተኽኢሉ፡ ዓይነት ደምና ምስቲ ዝተለገሰ ደም ክወሃሃድ ዘጸግም ነገር የብሉን።
ኣብ ደምካ ዝህሉ ዓይነት ፕሮቲን'ውን ኣገዳሲ እዩ። እዚ ብኣገላልጻ ሕክምና 'ኣርኤች' ረቛሒ (Rh factor) ወይ ድማ ጸረ-ጃን 'ዲ' (D antigen) ተባሂሉ ይግለጽ። እዚ ፕሮቲን'ዚ ኣብ ደም እንተሎ እቲ ዓይነት ደም ኣወንታ (positive)፡ እዚ ፕሮቲን እንተዘየለ ድማ ኣሉታ (negative) ይብሃል። እዚ ዓይነት ምደባ ኣገባብ 'ኣርኤች.ዲ' (RhD system) ተባሂሉ ይፍለጥ። በዚ መሰረት ሸሞንተ ጉጅለታት ደም ክፍጠር ይኽእል።

- ኣወንታ 'ኤ' (A )፡
- ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡
- ኣወንታ 'ቢ' (B )፡




- ኣሉታ 'ቢ' (B-)፡
- ኣወንታ 'ኤቢ' (AB )፡
- ኣሉታ 'ኤቢ' (AB-)፡
- ኣወንታ 'ኦ' (O )፡
- ኣሉታ 'ኦ' (O-).

ኣቓዲምካ ዓይነት ደም ምፍላጥ፡ ካብ ሓደ ሰብ ዝተለገሰ ደም ብውሑስን ዘተኣማምንን መንገዲ ናብቲ ካልእ ሰብ ደም ክተሰጋገር የኽእል። ኣካላት ኣብ ምስግጋር ዝዋበር ሕክምናዊ መብጣሕቲ፡ እቲ ልክዕ ዓይነት ናይቲ ደም ምፍላጥ እቲ ፋልማዊ ግን ኣገዳሲ መስርሕ እዩ።
**ዓይነት ደም**
ዓይነት ደም ዝተፈላለየ ዋላ ይኹን ኩሉ ሓደ ዓይነት ጥቕሚ እዩ ዘለዎ። ፍልልይ ዓይነት ደም፡ ኣየናይ ደም ምስ ኣየናይ ዓይነት ይሰማማዕ ንምፍላጥ እዩ ዝሕግዝ። ጸረ-ጃን 'ኤ' ወይ 'ቢ' ኣብ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ብዘሎ ሰረት-ሸከር እዩ ዝልካዕ። ኣብ ጸረ-ጃን 'ኤ'፡ ንጹር ዝኾነ መጠን ካርቦሃይድረይትስ ክህሉ እንከሎ፡ ጸረ-ጃን 'ቢ'፡ ካብ ናይ ጸረ-ጃን 'ኤ' ፍልይ ዝበለ ቅርጺ ካርቦሃይድረይትስ ይህሉ። በዚ መሰረት፦

ኣብ ዓይነት ደም 'ኤ' – 'ኤ' ዝዓይነቱ ጸረ-ጃን፡
ኣብ ዓይነት ደም 'ቢ' – 'ቢ' ዝዓይነቱ ጸረ-ጅን፡
ኣብ ዓይነት ደም 'ኤቢ' - ክልቲኡ ጸረ-ጃን ክህሉ እንከሎ፡
ኣብ ዓይነት ደም 'ኦ' ድማ፡ ክልቲኡ ጸረ-ጅን የልቦን።

**ውሑድ ዓይነት ደም**
ካብ ኣገባብ 'ኤቢኦ' (ABO) ወጻኢ፡ ምስ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ተታሓሒዞም ዝርከቡ ልዕሊ 600 ጸረ-ጃን ኣለዉ። ምስዚ ፍሉይ ጸረ-ጃን ልዕሊ 30 ካልኦት ፍሉያት ዓይነት ደም ኣለዉ። 'ኬይ ኣንቲጀን' (K antigen)፡ 'ዳፊይ ግሩፕ' (Duffy blood group) ከምኡ'ውን 'ኣር.ኤች. ናል' (Rh-null) ከም ኣብነት ክጥቀስ ይከኣል። እዞም ኣዝዮም ውሑዳት ዝኾኑ ዓይነት ደም 1 ካብ 1,000 ሰባት ክርከቡ ዘለዎም ተኽእሎ ጸቢብ እዩ። 'ኣር.ኤች. ናል' ዓይነት ደም ኣብ ዓለም ብኣዝዩ ትሑት ቁጽሪ ይርከብ። ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ ዓለም፡ 'ኣር.ኤች. ናል' ዓይነት ደም ዘለዎም ሰባት 50 ከም ዘይበጽሑ መጽናዕትታት የረድኡ። ኣዝዩ ውሑድ ብምኻኑ መጠን'ውን 'ወርቃዊ ደም' (golden blood) ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ እዩ።

**ዓይነት ደም ብኸመይ እዩ ዝውረስ?**
ከም ሕብሪ ዓይንና፡ ዓይነት ደምና'ውን ካብ ስነ-ህይወታውያን ወለድና ኢና ንወርሶ። 'ኤቢኦ' (ABO) ጅኻን 'ኣር. ኤች' (Rh) ረቛሕን ክልቲኦም ካብ ወለድና እዮም ዝመጽኡ። ክፍጠር ብዘኽእል ዝተፈላለዩ ዓይነት ወፅያት፡ ዓይነት ደምካ ምስ ናይ ስድራኻ ሓደ ዓይነት ክኸውን ግን ኣይክእልን።
መን ካብ መን ደም ይቕበል?
ኣብ ምስግጋር ደም፡ ዓይነት ደም ናቲ ተቐባሊ ምስ ዓይነት ደም ናይቲ ለጋሲ ዝሰማማዕ ክኸውን ግድን እዩ። ኣብቲ ተሰጋገርካ ዘሎ ዓይነት ደም ዘሎ ጸረ-ጃን ሰብነትካ ዘየለልዮ/ ኣቓዲሙ ዘይፈልጦ ምስ ዝኸውን፡ ስርዓት ምክልኻል ሕማም ኣካላትና ኣብቲ ዝተለገሰ ደም ንዝለዉ ቀያሕቲ ዋህዮታት ደም ከጥቅዖም እዩ ዝጅምር። እቲ ኩነታት ድማ ንህይወትካ ዘፈታትን ኣዝዩ ሓደገኛ ይኸውን።
ኣብዚ ግዜ'ዚ ምስ ምህላው ጥዕና ደምን ንዕኡ ዝምልከቱ ወለንታውያን ለገስትን፡ ኣብ መስርሕ ምስግጋር ደም ክፍጠር ዝኽእል ጸገማት ውሑድ እዩ።
ዓይነት ደም ናይቲ ተቐባልን ለጋስን ምፍላጥ ነቲ ምስግጋር ደም ውሑስ ከም ዝኸውን ይገብሮ። መን ካብ መን ደም ይቕበል?

- ኣወንታ 'ኤ' (A )፦ ካብ ኣወንታ 'ኤ' (A )፡ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O ) ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል።
- ኣሉታ 'ኤ' (A-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል።
- ኣወንታ 'ቢ' (B )፦ ካብ ኣወንታ 'ቢ' (B )፡ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-)፡ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O ) ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል።
- ኣሉታ 'ቢ' (B-)፦ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-)፡ ወይ'ውን ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል።
- ኣወንታ 'ኤቢ' (AB )፦ ዝኾነ ዓይነት ደም ክቕበል ይኽእል።
- ኣሉታ 'ኤቢ' (AB-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኤቢ' (AB-)፡ ካብ ኣሉታ 'ኤ' (A-)፡ ካብ ኣሉታ 'ቢ' (B-) ወይ ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ይቕበል።
- ኣወንታ 'ኦ' (O )፦ ካብ ኣወንታ 'ኦ' (O ) ወይ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል።
- ኣሉታ 'ኦ' (O-)፦ ካብ ኣሉታ 'ኦ' (O-) ጥራይ ይቕበል።

**ኣድማሳዊ ለጋሲ** Universal donor
ዓይነት ደም 'ኦ' ኣድማሳዊ ለጋሲ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እቲ ምንታይ'ሲ ዝኾነ ዓይነት ደም፡ ብውሑስ ኣገባብ ዓይነት ደም 'ኦ' ክቕበል ይኽእል።
ደም ብመልክዕ ፕላስማ'ውን ካብን ናብን ይሰጋገር እዩ። ፕላዝማ እቲ ፈሳሲ




ኣካል ናይ ደም እዩ። ኣብ ፕላስማ ኣድማሳዊ ለጋሲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ ዓይነት ደም 'ኤቢ' እዩ።

**ኣድማሳዊ ተቐባሊ** Universal recipient
ዓይነት ደም ኣወንታ 'ኤቢ' ኣድማሳዊ ተቐባሊ ይብሃል። ዝኾነ ዓይነት ደም ክቕበል ይኽእል።

**ጽልዋ ዓይነት ደም ኣብ ነፍሰጾር**
ኣብ ማህጸን ዘሎ ደቂ 'ኣር.ኤች.' ረቛሒ (Rh factor)፡ ኣወንታ ወይ ኣሉታ ክኸውን ይኽእል፡ ሓደ ካብ ስድርኡ ይወርሶ። እቲ ጸገም ዝህሉ፡ እታ ኣደ ኣሉታ 'ኣር.ኤች.' ኮይና፡ ኣወንታ 'ኣር. ኤች.' ዘለዎ ደቂ ምስ እትሕዝ እዩ። እታ ነፍሰጾር ናብ ሕክምና ብምኻድ ኣብ እትገብሮ ምክትታል፡ መርመራ ደም ይግበረላ እዩ። ኣብታ ነፍሰጾር ዘሎ ጸረ-'ኣር.ኤች.' ንቀያሕቲ ዋህዮታት ናይቲ ደቂ ከየጥቅዖም፡ እታ ኣደ 'ኣር. ኤች - ኢሚኖግሎብሊን' (Rh immunoglobulin - RhIg) ይወሃባ እዩ።

**ዓይነት ደም ክቕየር ይከኣል ዶ?**
ዓይነት ደምና ክቕየር ኣይከኣልን እዩ። ምሉእ ዕምርና ሓደ ዓይነት ደም እዩ ዝህልወና። ኣብ ገለ ውሑድ ኩነታት፡ ንኣብነት ምሉእ ምስግጋር ኣንገዕ ናይ ዓጽሚ (bone marrow transplant) ምስ እተካይድ እቲ ዓይነት ደም ክቕየር ተኽእሎ ኣሎ።
**ረብሓታት ምልጋስ ደም**
ደም ክምስራሕ ዝኽእል ኣይኮነን። ስለዚ፡ ህይወት ንምድሓን ደም ምልጋስ ኣገዳሲ እዩ። ምልጋስ ደም ብዙሕ ረብሓታት እዩ ዘለዎ።

ብዛዕባ ኩነታት ጥዕናኻ ሓበሬታ ክትረኽብ የኽእለካ
ዋላ'ኳ ከምቲ ሕክምናዊ መርመራ ንምክያድ ናብ ሕክምና እትኸዶ ኣይኹን'ምበር፡ ደም ክትልግስ ብምኻድ ብዛዕባ ውሽጣዊ ጥዕናኻ ሓበሬታ ንምርካብ ይሕግዘካ እዩ። ደም ክትልግስ ኣብ እትቐርበሉ እዋን፡ ብዛዕባ ኩነታት ጥዕና ደምካ፡ ህርመት ልብኻ፡ ጸቕጢ ደምካ፡ ሙቐት ኣካላትካ፡ ዓቐን ሄሞግሎቢን (hemoglobin) ወዘተ እኹል ኣፍልጦ ክትረክብ ዕድል ትረክብ ኢኻ።
ደም ብምልጋስ ኣብ ኣካላትካ ክኽዘን ዝኽእል ጉዱእ ማዕድን 'ኣይረን' ንምእላይ ይሕግዝ

ሓደ ካብ 200 ህዝቢ ዓለም ሄሞክሮማቶሲ (hemochromatosi) ብዝተባህለ ጥዕናዊ ጸገም ይሳቐ። ሄሞክሮማቶሲ፡ ኣካላትና ልዕሊ ዓቐን 'ኣይረን' መጺዩ ብምኽዛኑ ዝፍጠር ሕማም እዩ። እዚ ብተወርሶ ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ብምኽንያን ከምኡ'ውን ብሕማም ዋሕዲ ደም (anemia) ክፍጠር ይኽእል እዩ። ስለዚ፡ ብስሩዕ ደም ብምልጋስ ዘይተደልየ 'ኣይረን' ኣብ ኣካላትካ ንኸይክዘን ይሕግዝ።
ደም ብምልጋስ ጥዕና ጸላም ኩብዲ ክተውሕስ ይከኣል

ኣብ ደምና ልዕሊ ዓቐን 'ኣይረን' ምስ ዝኽዘን ንጥዕና ጸላም ኩብዲ ሓደገኛ ምኻኑ እዮም ክኢላታት ዝገልጹ። ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ዓይነት ሕማማት ጸላም ኩብዲ፡ ከም ወይብጦን ነድሪ ጸላም ኩብድን ዝኣመሰሉ መጽናዕትታት ተኻዪዶም ነይሮም። ኣብ ደም ናይቶም በዚ ሕማም ዝሳቐዩ ግዳያት ልዑል መጠን 'ኣይረን' ከም ዝተረኸበ እቲ መጽናዕቲ የመልክት። ስለዚ፡ ብስሩዕ ደም ምልጋስ ካብ ሕማማት ጸላም ኩብዲ ክናግፈካ ይኽእል እዩ።




ምንጪ፦ clevelandclinic

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብርኽቲ ኣማኒኤል መብራህቱ ምግል ተሪፉ፡ ብርኽቲ ኣዩምን መብራህቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሪ ኣፍ/ ኤፍሬም ኣብርሃም፡ ሉልያ ኤፍሬም ኣብርሃም ብመንገዲ ጠበቓኡ ተጻዋዕቲ ወረ/ፍ ደግ/ጆርጆ ሃብቲን ኣፍ/ት ኣስማይትን ትከእን፡ 2. ክፍሎም ጆርጆ ሃብቲት፡ 3. ኣቶ ደሞዝ ጆርጆ ሃብቲት፡ 4. ልኡል ጆርጆ ሃብቲት፡ 5. ኣፍ/ በየነ ጆርጆ ሃብቲት፡ 5.1 መኣዛ በየነ ጆርጆ፡ 5.2 ክብረት በየነ ጆርጆ 5.3 ሃብቲት በየነ ጆርጆ 5.4 የሴፍ በየነ ጆርጆ፡ 5.5 ርብቃ በየነ ጆርጆ፡ 5.6 እስክንድር በየነ ጆርጆ፡ 5.7 ሰላም በየነ ጆርጆ፡ ወረ/ፍ ኣቶ ኤፍሬም ኣብርሃም፡ ወ/ት ውላዚት ኤፍሬም ኣብርሃም፡ 6.1 ሰዓረ ተስፋሚካኤል 6.2 ሰለሞን ተስፋሚካኤል 6.3 ኣስቴር ተስፋሚካኤል 6.4 ገነት ተስፋሚካኤል ናይ ምቕሊት ውርሲ ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን23/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቁ/39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኽምሉ ክረኣ ምኳኑ ንሕብር፡፡

ብፍ/በ/ማሰል ሕርይቲ ካሕሳይ ወኪላ ብርካ ገብራይ ብፍ/በ/ዕዳ ሽዊት፡ ኒጋ በርኸት ኒጋ፡ ንፈጸሚ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 16/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቁ.39 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፤

ብመሰረት ኣብ መንነ ብፍ/በ/ማሰልን ብፍ/በ/ዕዳን ዘሎ ናይ ፈጸሚ ክርክር፡ ብፍ/በ/ዕዳ 1.ሳራ ኣርኣያ 2.ሰምሰም ኣርኣያ፡ ኣዜብ ኣርኣያ፡ ልኡል ኣርኣያ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባኢያ ቁ.33 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሰሲና ነጋሽ መለስ ምግል ተሪፉ፡ ሰሳና ነጋሽ መለስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት የርሳሌም ቴድሮስ ጸጋይ፡ ተኸሳሲ ምስገና ተስፋይ ሃብተ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ልዋም ተስፋኣለም፡ ተጸዋዒ ኣቶ ደሳለ ሃይሉ፡ ንሲቪል ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ መኣዛ ሃይለ ምስክ፡ ብዓል ቤተይ ተኪኤ በየነ መብራህቱ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸለም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ሃብተ ገብረየሱስ ወልደጊዮርጊስ፡ ዓብዩና ኣማረሽ ተስፋሚካኤል ዐቓብይ ስለዝዋረፈት፡ ኣፍ/ኣሰፋሽ ተኽለ ምስ 3 ተተካእቲ ደቃ 2.ኣፍ/ንግስቲ ተኽለ ያቆብ ምስ 7 ተተካእቲ ደቃ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

መርሃዊት ብርሃ ብጹእኣምላኽ፡ ኣደይ ርሻን ወልደገርግሽ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1ሓፍተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ብበ/ዕዳ 1.ኣቶ ሃይለ ተኽለ ኣብርሃ 2.ተስፋልደት ተኽለ ኣብርሃ 3.ኣብርሃም ተኽለ ኣብርሃ 4.ቢኒያም ተኽለ ኣብርሃ ብበ/ማሰል ወረ/ፍ ጸሃይሽ ተኽለ ኣብርሃ፡ ኣወጣሽ ይሕደጎ ወልደታትዮስ ወረ/ፍ ተኽለ ኣብርሃ ተመልሱ ሳባ ተኽለ ኣብርሃ ናይ ፈጸሚ ክሲ ተኸፊቱልኩም ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል 20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ቁ.41 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ሮ ማና ለባሲ ረዳ፡ ብዓል ቤተይ ኣርኣያ ሪዘ በርሀ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ማክዳ ተስፋይ ገብረኣብን ተኸሳሲ ኣቶ ደሰለ ኪዳ ናይዝቢን ዘሎ ናይ ሞዝት ጉዳይ፡ ክሲ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኻ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕኩም ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ,32 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሳሙኤል ተኽለ የሃንስ፡ ኣቦና ተኽለ የሃንስ ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ርእሶም በራኺ ተስፋሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ርሻን ኣብርሃ ግብረቱ ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቂቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባኢያ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ሰልቫና ሚካኤል መንግስቱ፡ ምግል ተሪፉ፡ ሳራ ሚካኤል መንግስቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/01/2026 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣንገሶም ኪዳ ገብረማርያም ተኸሳሲት ሳምራዊት ኣማኒኤል ዓንደብርሃን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

ሶዛና ጣሃ መሓመድ ምግል ተሪፉ፡ ዴና ጣሃ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ሉተኺዳን ተኽለሃይማኖት መድሃኔ፡ ብዓል ቤተይ መጆር ሚኪኤል ፍረዝጊ ገርጃ ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ኤፍሬም ሃብተገርግሽ ገብረማርያም፡ ኣቦና ሃብተገርግሽ ገብረማርያም ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ሰናይት ኣልኣዛር፡ ብዓል ቤተይ ሰለሙን ባህታ ዘርኣ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቂቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

የማነ ይስሓቅ ወልዱ፡ ኣዴና ሮማ ክፍለየሱስ መለስ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ድያና ገብረሂይወት ገብሩ ምግል ተሪፉ፡ ድያና ገብረሂይወት ገብረዋህድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ኣቢዛይ ከርስበየነ ምግል ተሪፉ፡ ኣቢጋይል ከርስ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ኣኽበረት ገብረሚካኤል ገብረእየሱስ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ገብረኣምላኽ ሰገድ ተስፋሚካኤል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረኣ ምኳኑ ንፈልጥ፡፡

መብርሂት እዮብ ሃብተጽዮን፡ ኣደይ ሙሉ ነጋሽ መሓሪ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣብረሃ በኪት ሃማርያም፡ ኣሞይ ፋና ሃማርያም ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይን 7 ኣሞታተይን ምስ ተተካእቶም ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ቀሺ ደሳለ ኣርኣያ፡ ኣደይ ዘበሸ ክብርኣብ ካሳ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ 1 መዋቲ ተተካእቲ 11 ደቂ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ ዘውዲ ገብረየሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኣርኣያ ነጋሽ ማስፍን ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂቕና ደማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

ዓሩ በኺት ዓብዱ፡ ተጸዋዒ ዓብዱ ኣደም ሐመድ፡ ኣብ መንጎይን ኣብ መንጎ ሺያጢ ዓብዱ ኣደም ሐመድን ብ23/09/204 ቁ/ሰሌዳ ER-1-08583 ቁ/ቻሲ XTA212100506174 ዝኾነት ኒቫ ዝዓይነታ መኪና ውዕል መሸጣ ፈጺምና፡ ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክየመሓላለፈ ኣድራሻኡ ስለ ዘይተፈልጠ ብጋዜጣ ክጽውዕለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/01/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሪ ሊድያ በርኸት ገብረወልዱ፡ ዝተፈቕደለን ናይ ምጽራይን ምስላጥን ንግዳዊ ትካለን፡ “በኤንሲ ምጽራይን ምስላጥን” (BNC CLEARING& FORWARDING) ተባሂሉ ክስየመለን ስለዝሓተታ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ፡፡

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ደቀምሓረ ከባቢ ኣምሀር ፕሎት 26 ፓርሰል P ዝርከብ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብመለለዩ ቁ/ንብረት 4BRDKM003313/1 ብስም ሰናይት ተስፋጊዮርጊስ ዘውደ ዝተመዝገበ ኦርጂናል ምስክር ዋንነት ገዛ (ሊብሬቶ) ስለዝጠፈኣኒ፤ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ሐዘዮ ዝብል እንተልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ቴሌፎን 07467978 ክሕብረኒ፤ እንተዘይኮይኑ፡ መተካእታኡ ክሓትት ምኳነይ እሕብር፡፡

ሰናይት ተስፋጊዮርጊስ ዘውደ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ከረን ከባቢ 02 ዞን 01 ፕሎት 96 ዚፕ ኮድ 6K-1398 ፓርሰል PoP 96 ስፍሓት መሬት 264.42 ት/ሜተር ኣብ ልዕሊኡ 3 መደቀሲ፡ ሓደ ሳሎን ክልተ ሽቓቕ፡ ሓደ ክሽን ዘለዎ፤ ብስም ኣቶ ኣርኣያ ገብረእግዚኣብሄር ተኽሉ ምስ ክልተ ኣሕዋቱ ዝተመዝገበ ዝዋንኦኩዎ፡ ናብ ስመይ ክሰጋገር ስለ ዝደለኹ፤ ዝቃወም እንተሃልዩ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ (ደግበይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡፡ ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ወ/ሮ ኣስቴር ገብረልኡል ፈረሚካኤል

ብስም ኣሰካሉ ገብረታትዮስ ገብረስላሴ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00023999 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ፓራዲዞ ዓዲ ሰገዶ ቁ/ገዛ – ዝርከብ ናይ መሸጣ ስጋ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ጽገረዳ የውሃንስ ብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ጎደና 835-54 ቁ/ገዛ ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየ፡ ስለ ዘለኹ፤ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ፡፡

ኣሰካሉ ገብረታትዮስ ገብረስላሴ

ብስም ቴድሮስ ክፍለየሱስ ገብረማስቀል +7 ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ሰምበል ዚፕ 1A831ፕሎት 23R ፓርሰል D ጎደና 831-12 ቁ/ገዛ 65 ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 1:004464 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ስለዝዋረሰኩዎን ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹን፤ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ዞባ ማእከልን ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ኣስመራን ይቕረብ፡፡ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ጽሕፈት ጉዳየይ ክፍጸም ምኳነይ እሕብር፡፡

ምሕረት ገብረሂወት ገብረወልዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እ'ኽሊ

ኣለም ለገሰ ኣብርሃ፡ ኣደይ ንግስቲ ዑቕባስላሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢ ያ ይቕረብ።

እስቲፋኖስ ኣብርሃም ገብረሚካኤል፡ ብዓልቲ ቤተይ ዘፋን ኣርኣያ ወልደሊባኖስ ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወድና ድማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ ።

ትዕግስቲ ወልዱ ሃጸረኣብ፡ ኣቦይ ወልዱ ሃጸረኣብ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

መድሀን ገብረዝጊ ተኪኤ፡ ኣቦይ ገብረዝጊ ተኪኤ ገብረገርግሽን ኣደይ ሓረጉ ዑቕባ ኣዲግን ስለዝዓረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይን 12 ተተካእቲ ደቂ ኣሕዋተይን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

የውሃንስ ጊላይ ገብረእየሱስ፡ ኣዴና ጸሃይቱ መሓሪ ግርማጽዮን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን7/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ሰን/ተጋ/ዑቕባጽዮን ኣብርሃ ተወልደ፡ ሓውና ክፍለየሱስ ኣብርሃ ተወልደ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ሃኒኤል ሚካኤል ረዘ፡ ኣቦይ ሚካኤል ረዘ ሓደራ ስለዝዘተሰወኦ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን20/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ዘበሽ ጎሉ፡ ኳሊይ ዲናር መልኣከ ጊላሚካኤል ስለዝዘተሰወኦት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተስፋጋብር መሓሪ ተኽሉ፡ ኣዴና ምንያ ጥዑምዝጊ ገብረመድህን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን29/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰናይ ዳዊት ወልዱ፡ ኣቦይ ዳዊት ወልዱ ኣስመሮም ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን18/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ዓንዳይ ኣብርሃም ዓንደጼን፡ ኣደይ መድህን ተስፋሚካኤል ኣተሸም ስለዝዓረፈት፡ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መለስ ሃብቶም ካሕሳይ፡ ስም ኣደይ ቅድስቲ ዓንዳይ ዐቕባየርጊስ ምባል ተሪፉ፡ ቁዱሳን ዓንደም ዐቕባየርጊስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን6/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰረጀቓ እምባደርሆ

ግደይ ኪዳን፡ ስም ኣደይ ፍቃዱ ተምነዎ ፍስሃ ምባል ተሪፉ፡ ፍቃዱ ተምነዎ ወልደሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ሉቱ በርሀ ተኽለይ ምባል ተሪፉ፡ ሉቱ በርሀ ተኽልኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

ጊላሚካኤል ማጆር ምባል ተሪፉ፡ ሚካኤል ማጆር ተኽለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን14/1/26 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባኢያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ማይ ምነ

ወ/ሮ መዓሾ ሰለሙን መሓሪ ምባል ተሪፉ፡ መሓሪት ሰለሙን መሓሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፡ ዘቃውም እንተሎ፡ ን30/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መቐርካ

ተስፋሚካኤል ሰረቐ ፍስሓጼን ምባል ተሪፉ፡ ሳሙኤል ሰረቐ ፍስሓጼን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን22/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ራህዋ ሰለሙን መዙበህ ምባል ተሪፉ፡ ራህዋ ሰለሙን በዘበህ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን5/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዒላ በርዕድ

ወ/ሮ ውዳሰ ምናስ ኣስገዶም፡ ብዓል ቤተይ ደብራይ ተወልደ ዘርእማርያም ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 4 ደቀይ ድማ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረሰላም ደሳለ ተስፋይ፡ ኣደይ ሮማ ካሳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 9 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ምክኤለት መርከ ክፍለ ምባል ተሪፉ፡ ቅሳት መርከ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ትርሓስ ገብረማስቀል ተስፋማርያም፡ ኣደይ ኣፍሃር ሃና ወልደሚካኤል ገብረማስቀል ብዕለት 30/10/2017 ብቑ.መ 11/2017 ኣብ ቤ/ፍ ዞባ ተሰነይ ብህያብ ማሰረት ዝተወሃቦ መንበሪ ገዛ ኣብ ከተማ ተሰነይ ምምሕ/ከቢ ሰውራ ብመወከሲ ቁ.700907 ዝበለ ስፍሓት መሬት 482.6 ዝተደኰነ 3 ክፍሊ መረበዕ ሓደ ኣጉዶ ዘለዎ ኮይኑ፡ እቲ ህያብ ናብ ስመይ ክጽደቀለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ 31/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና መሓመድ በረከት ምባል ተሪፉ፡ ፋጥና ዐመር መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን1/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍረወይኒ ወርቁ ሃይለማርያም፡ ወደይ ፍትሒ ዓብደላ ኢብራሂም ስለዝዘተሰወኦ፡ ሓዳር ይኹን ውላድ ስለዘይብሉ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን2/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሪማ ሓምድ ሳልሕ ምባል ተሪፉ፡ ካንሳ ሓምድ ሳልሕ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን24/12/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ወ/ሮ ግደይ ፍስሃ ድራር፡ ብዓል ቤተይ ተስፋልደት ንጉሰ ተሰማ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቀ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ንግስቲ ኣምሓርም ግርማይ፡ ስመይ ኣብ መንነት መለለዪ ብዓል ቤተይ፡ ማዓሾ ኣምሓርም ግርማይ ስለዝተመዝገበ ከምኡ ምባል ተሪፉ፡ መዓሾ ኣምሓርም ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዘቃውም እንተሎ፡ ን13/1/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ምስጋና



ብዕረፍቲ እፍቅራ ክብርቲ ወላዲትና ወ/ሮ ሃይማኖት ተምነዎ ተስፋማርያም፡ ብዓልቲ ቤቶም ንፍሰሄር ኣቶ ዓንደም ጎነጬ መንእሰራ ዝተሰምዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ክሳብ ደቂሽሓይ ኬድኩም ዘቃበርኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ናይ ሓዘንና ተኻፈልቲ ዝኾንኩም ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ልባዊ ምስጋናና እናቕረብና ሓዘንና ንገልጽ።

ደቃ ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ብሽም ቤተኤል ኣርኣያ ሓድጉ ዝተመዝገበ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00043527 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ጊንዳዕ ቁ.ገዛ 16 ዝርከብ ናይ መሕደርን መሕጸብን መካይን ትካለይ፡ ንኣቶ ዊንታ ገብረእግዚኣብሄር ብርሃ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማይ ጭሆት ጎደና ባሕሪ ባራ ቁ.ገዛ 106 ካብ ዕለት 01/06/2025 ክሳብ ዕለት 31/05/2008 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዘቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ቤተኤል ኣርኣያ ሓድጉ

ስም ወ/ሮ ሚሪ ኣብርሃ ሚካኤል፡ ብቑጽሪ ፍቓድ ዋኒን SML 00005647 ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ን/ዞባ ምጽዋዕ ዓዲ ከተማ 01 ጎደና– ቁ.ገዛ– ቴል 07182112 ዝርከብ ናይ ቤት መግብን ማስተን ትካለይ፡ ንኣቶ መድሃኔ ዳዊት ተኪኤን ኣዝመራ ኣብርሃ ሰመረን፡ ኣድራሻ ኣስመራ ጎደና 179-9 ቁ.ገዛ– ቴል 07204050 ካብ ዕለት 01/09/2025 ክሳብ ዕለት 01/09/2045 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዘቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዘቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከም ዝፍጸመሉ ነፍልጥ።

ሕጋዊ ወኪል የናታን ኣሚነ

### ንካልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪተራትን ፎቶ ኮፒየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴለፎን ቸንትራለ (PBX) ኣብ ሕክምና ኢናኣል ዝርከብ እሳንሶር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራት፡ ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃታትን ኤርትኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድዮተረታት) ጽገና ዲሞታትን ሞተረታትን፡ ጽገና ፓምፓ ኣኳሲ (ፓሚፒስታ)

ዓዳጊ፡ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ

ኣርእስቲ ውዕል፡ ውዕል ዓመታዊ ጽገናን ኣገልግሎትን

ኣገባብ ዕድጊ፡ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንዓመት 2026 ንትካሉ ዝውዕል ጽገናን ኣገልግሎታትን ዝሀቡ ትካላት ኮማርት ስለ ዝደለየ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ይዕድም።

1. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ንሕጋውያን ተወዳደርቲ ወሃብቲ ጽገናን ኣገልግሎታትን (ፕሪተራትን ፎቶ ኮፒየራትን ውሽጣዊ መስመር ቴለፎን ቸንትራሉ ኣብ ሕክምና ኢናኣል ዝርከብ እሳንሶር (lift) ዝተፈላለየ ዓይነት ጀነሬተራትን ምሕጻብ መካይን (ላባጆ) ፍርጃታትን ኤርትኮንደሽነራትን፡ ሓጻቢት ክዳውንቲ ማሽን፡ ጽገና ኮምፕዩተራትን መቀያየሪኡን፡ ጽገና ዝተፈላለየ ራድዮተረታት) ጽገና ዲሞታትን ሞተረታትን፡ ጽገና ፓምፓ ኣኳሲ (ፓሚፒስታ) ብዕሹግ ደብዳቤ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ተወዳደርቲ ክፉት እዩ።
3. ተሳተፍቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስን መንነትን የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ሓይሊ ኣየር 155500 155506 ወይ 15510 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 (ሓምሳ ናቕፋ) ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ድሕሪ 5 መዓልትታት ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ኣብ'ዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሰዓት 10:00 ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደሊ ሰብ፡ ስነ-ስርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጹኡ ሰባትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ኣብ ቤት ጽሕፈት ክፍሊ ዕድጊ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 5,000.00 (ሓሙሽተ ሽሕ) ናቕፋ ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረትን መንግስቲን ብዘእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ሓይሊ ኣየር ኤርትራ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሓይሊ ኣየር ኤርትራ
ፖስታ ሳጹን ቁጽሪ 861 ኣስመራ ኤርትራ
ቴሌፎን 155500 155506 15510

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላኽ- ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. +291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Financial Accountant
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities.

- To provide financial information to Finance Manager or management by researching and analyzing accounting data; preparing reports required.
- Prepares and records asset, liability, revenue, and expense entries by compiling and analyzing account information.
- Maintains and balances subsidiary accounts by verifying, allocating, posting, reconciling transactions; resolving discrepancies.
- Maintains general ledger by transferring subsidiary accounts; preparing a trial balance; reconciling entries.
- Summarizes financial status by collecting information; preparing balance sheet, profit and loss, and other statements.
- Provides financial reporting and analysis and cost control services in accordance with company systems and procedures.
- Assists in budgeting, forecasting and strategic planning preparation for all functional departments.
- Understands corporate accounting policies and procedures to ensure financial and operating reports reflect the condition of the operation and provide accurate and reliable information to assess the operations performance.
- Ensures transactions are accurately and timely prepared and recorded in accordance with IFRS.
- Communicates and collaborates with internal departments and subsidiaries on accounting matters.
- Ensures complex transactions are researched and accounting treatment properly documented & supported.
- Leads and participates in special projects as required.
- `Supports and provides resolution to all internal and external audit processes and resulting issues that might be identified.
- Recommends and assists in implementing process improvements to both the accounting processes and management controls.
- Supports the Financial and Admin Manager controller for month end duties and works directly with management to address variance issues when necessary.
- Supports site related projects and requests from operations when necessary.
- Reviews the Petty Cash Control and Month-end Reimbursements
- Ensures that the Accounts Payable and Accounts Receivable Accounts are Properly reconciled with the Departments concerned
- Ensures that Weekly and Monthly Bank Reconciliations are done
- Assists the Financial and Admin Manager with Cash-flow forecasting.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- University Degree in Accounting. BCom, and Computer and ERP Systems eg Pronto or similar Literate

Working Experience – Nature & Length

- Minimum 10 years' experience as an Accountant, reconciliation, control and reporting experience. Mining experience will have an asset.

Leadership Experience – Nature & length of time

- Time management skill, ethical and professional attitude
- Excellent leadership experience.

Other skills and abilities

- Extremely detail-oriented, proactive, and Accounting, Corporate Finance, Reporting Skills, Deadline-Oriented, Reporting Research Results, Confidentiality, Time Management, Data Entry Management. Good math and computer skills. High-level of attention to detail. Skills of accounting software applications. Strong organizational skills. Independent work skills. Analytical and problem solving skills. Strongly detail-oriented. Computer skills, especially the ability to use accounting software. Written and verbal communication skills.

General Information and other requirements:

- Place of Work: Asmara Office & AMSC Sites
- Type of contract: Indefinite Period
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Mineral Resources Management
  P.O. Box 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

---

ኣመልካቲ ኣነ ተስፎም ተኽለ ወልደትንሳኤ፡ ኣብ ምምሕዳር ዝባ ገዝ ጥኑዳ ብስም ETAMO ኣብ ዝፍለጥ ህንጻ ማለት ዚፕ 137 ፕሎት 63 ፓርሰል 2Z ጎደና ክሳድ ግዋ ኣብ ብሎክ 2 4ይ ደርቢ ቁጽሪ 403 ኣፓርታማ ኣብ መሬት ዝርከብ ክልቲኡ ናይ ንግዲ ገዛ ስለ ዝዓደንኩዎ እሞ ሕጂ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ሕጋዊ ናይ መኣገዲ ወረቐት ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ይቕረብ። እንተዘየለ ግን ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተፈሊጡ ማስርሕ ምትሕልላፍ ናብ ስመይ ክቕጽል ምዃኑ ኣፍልጥ።

ኣቶ ተስፎም ተኽለ ወልደትንሳኤ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ "ኣስመራ" ምም/ ንኡስ ዞባ ኣጮዉል ዚፕ ኮድ "ኣጮዉል 1A132" ቁጽሪ ፓርሰል ASP00000210 ስፍሓት ስሩሕ ገዛ 70 ቁጽሪ ገዛ 280 ብስም ወላዲተይ ወ/ሮ ወርቁ ጉብረመድህን ተኽለ ዝተመዝገበ፡ ወላዲተይ ብወህበቶ ስለዝሃበትኒ፡ ኣዚ ንብረት ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ ተባሂሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

የብት ኪዳነማርያም ጉብረእግዚኣብሄር

---

ኣነ ኣቶ ኣብርሃ ምስጉን ወልደጋብር፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ከባቢ ጎዳይፍ ቀሓውታ ጎደና ጀበል ዓሊ ቁ/ገዛ 10 ፕሎት 67 ፓርሰል ክፋል ኤን ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/መለለዩ ንብረት 181211 መወከሲ ቁጽሪ 140541 ብስም ኣቶ የሴፍ ገዚኢ ዑቕቢትን ወ/ሮ ራሄል ብኢዱ ወልደስላሴን ዝተመዝገበ ገዛ ስለዝዓደግኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ (ይግባይ እንተተባሂሉ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ።

ኣቶ ኣብርሃ ምስጉን ወልደጋብር

# ካብ ዘባታት

## ኣብነታዊ ኣጠቓቕማ ሞባይል፡ ብተመሃሮ ባና ሓርነት

ብስራት ተመስገን

ከባቢ ሰዓት ሸሞንተ ምሸት እዩ፡፡ ሓደ መንእሰይ ተመሃራይ፡ ናብ እንዳ ኤሌትሮኒክስ ብምኻድ፡ መደቀሲ ፊልም ሃቢ ይብሎ። እቲ ፊልም ዘመሓላልፍ መንእሰይ ከኣ፡ የዘናግዓየን ዝበለን ጽቡቓት ሰለስተ ፊልም ብሕሳብ ሓሙሽተ ናቕፋ ይህቦ፡፡ መቐሸሽ ብሞባል ድማ፡ ናይ'ቲ ቅንያት ቲክቶክ የሰግረሉ፡፡ ወዮ መንእሰይ ናብ ገዝኡ ብምኻድ፡ ንሓንቲ ካብተን ዘሰገረሉ ፊልም ርእዩ ደዛናግዖ፡፡ ጽንሕ ኢሉ፡ ነተን መቐሸሽ ተባሂለን ዝተዋህባኦ ብርክት ዝበላ ቲክቶክ ክዕዘብ ጀመረ፡፡ ዝበዝሐ ናይ ቲክቶክ ቪድዮታት ካብ 3 ደቒቕ ዘይበዝሕ ትሕዝቶ እዩ ዘለዎ፡፡ በዚ ድማ ሓደ ድሕሪ ሓደ እናተዓዘበ ወጋሕታ ሰዓት ሰለስተ ኣኸለ፡፡ እቲ መንእሰይ ተመሃራይ፡ ናይ ንግሆ እብረ ይመሃር ስለ ዝበረ፡ ድቃስ ጠለምዎ ካብ ትምህርቲ በኾረ፡፡



መም/ ሶልያና ኤፍሬም

ዝበኮሮ ምኽንያት፡ ርጹእ'ዩ፡፡ ምሉእ ለይቲ ፊልም ክርኢ ስለ ዝሓደረ'ዩ፡፡ ናይ'ዚ ጠንቂ ግን ኣሎ፡፡ ገለ ካብ'ቶም ምሉእ ለይቲ ፊልም ክርኢ ዝቐስብዎ ነጥብታት ክንዘርዝር ንኽእል ኢና፡፡ ሓደ ካብ'ቲ ጠንቂ፡ እቲ ፊልም ዝሸየጠሉ ዋጋ እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ እቲ ፊልም ብኣዝዩ ሕሰር ዋጋ ስለ ዝሸየጥ፡ እቲ መንእሰይ ብዘይ ገለ ጸገም ክገዝኦን ንግዜኡ ኣብ ዘይረብሓሉ ከውዕሎን ክኢሉ፡፡ ኣብ መእተዊ ከም ዝገለጽናዮ፡ ኣብታ ምሸት ሓንቲ ፊልም ጥራይ እዩ ርእዩ፡፡ ግና ዘይርኣየን ክልተ ፊልምታት ኣለዋኦ፡፡ ንሳተን ከኣ፡ ካብ ትምህርቲ ምስ በኾረ ከም ዝርእየን ርጹእ እዩ፡፡

እቲ ከም ካልእ ጠንቂ ክንርእዮ ዘለና ከኣ፡ እንተ መቐሸሽ ተባሂለን ዝተዋህባኦ ሓጸርቲ ቪድዮታት ናይ ቲክቶክ እየን፡፡ ሓጸርቲ ቪድዮታት ናይ ቲክቲቶክ ኣዝዮም ኣዘናጋዕቲ ብምዃኖም፡ ብቐሊሉ ክትገድፎም ኣይትኽእልን ኢኻ፡፡ እዞም ቪድዮታት ዘውንንዎ ንውሑት ግዜ፡ ካብ 3 ደቒቕ ዘይበዝሕ ብምዃኑ፡ ኣብ ኣእምሮና ግዜ ዘይወስዱልና እዩም ዝመስለ፡፡ ብኣንጻሩ ግን፡ 10 ቲክቶክ እንተ ተዓዚብና፡ ፍርቂ ሰዓት ተዓዚብና ኣለና ማለት እዩ፡፡ እዚ ብዘይ ምድግጋም'ዩ፡፡ እዚ ከም መቐሸሽ ተባሂሉ፡ ብእንዳ መዚቃ ንፃማዊል ዝወሃብ ናይ ቲክቶክ ቪድዮታት፡ ኣብ ሓንቲ 'ፎልደር'፡ ብውሑዱ ክሳብ 60 ዝተፈላለዩ ቪድዮታት ዝሓቘፈ እዩ፡፡ በዚ መንጽር፡ ክንደይ ግዜ ይባኽክን ኣሎ፡ ንምምዛኑ ኣየሸግረናን፡፡ እቲ ኣብ መእተዊ ዝገለጽናዮ ተመሃራይ ድማ፡ ነዚ ኩሉ ቪድዮታት ክዕዘብ ከም ዝሓደረ ኣየማትእን፡፡

እቲ ካልእ ኣሉታዊ ጎድኒ ናይ ቲክቶክ፡ ንኣእምሮ ደቂሱብ ንሰለስተ ደቒቕ ዙዓልዎ ምዃኑ እዩ፡፡ እዚ ክንብል ከለና፡ ሓደ ሰብ ክዛረበና ከሎ፡ ኣብ ውሑዳት ደቓይቕ ሓሳቡ ከፍስስ ኢና ንጽበዮ፡፡ ክጸዮኡ እንተ ነዊሑ ግን ክንሰምዖ ዓቕሚ ይሓጽረና፡፡ ናይ ቲክቶክ ቪድዮታት ድማ፡ ሓጸርቲ ብምዃኖም



ክንሰምዖም ንኣእምሮና ኣይክብድዎን'ዮም፡፡ ይኹን'ምበር፡ ናይ ቲክቶክ ቪድዮታት ዝርዝራዊ ሓበሬታ ስለ ዘይብሎም፡ ንናይ ምስማዕ ብቕዓት ኣእምሮና ዝዕጽዩ ምዃኖም ርጹእ እዩ፡፡ በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ፡ ሓደ ናይ ቲክቶክ ወልፊ ዘለዎ ተመሃራይ፡ ነቲ 40 ደቒቕ ዝወስድ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ብጽሞና ክሰምዖን ክፈናዝዮን ዓቕሉ ዝጸቦ፡፡ ስለዚ ከኣ፡ መምህሩ እናገለጸ፡ ሞባይሉ ኣውጺኡ ክርኢ ወይ ገይም ክጻወት፡ ኣብ ክፍሊ ክድቅስ ወይ ክሰልችዎን ክምጣላዕን ይርአ፡፡ እዚ ኩሉ፡ ሰሪ ቲክቶክ ዝመጽኦ ወልፊ እዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ዓምዲ ካብ ዞባታት፡ ብዛዕባ "ኣጠቓቕማ ሞባይል ብተመሃሮ ናበይ ገጹ'ዩ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ንመምህራንን ወለድን 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ባና ሓርነት - ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ (ዞባ ደቡብ) ተወኪስና ኣቕሪብና ነይርና፡፡ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ባና ሓርነት፡ ተመሃሮኣ እንትርፎ ኣብ ናይ ኣይ.ቲ (IT) ክፍለ ግዜ፡ ኣብ ካልእ ሰዓታት ኣብ ቀጽሪ ቤት ትምህርቲ ሞባይል ክጥቀሙ ይኹን ክሕዙ ከም ዘይትፈቅድ ገሊጽና ነይርና፡፡ ዕላማ ናይ'ቲ ወሲዳቶ ዘላ ስጉምቲ ከኣ፡ ተመሃሮ ኣደኒቦኦም ኣብ ትምህርቲ ክገብሩ ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ፡፡ ኣብ ናይ ሎሚ ዓምዲ ካብ ዞባታት ድማ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ዝሓለፈ፡ ነቲ ጉዳይ ብቐጥታ ምስ ዝምልከቶም መምህራን ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ማለት፡ ክኢላ ኣይ.ቲ (IT) መምህር ኤልሻዳይ ሙሴን ኣማኻሪት ተመሃሮ መምህር ሶልያና ኤፍሬምን ተወኪስና ዘዳለናዮ ክኸውን እዩ፡፡

ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ፡ ናይ ኮምፕዩተር ክፍሊ ግዜ ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ፡ ተመሃሮ ምስ ኮምፕዩተር እናተላለዩ፡ መጻኢ ንጥፈታቶም ብቴክኖሎጂ ዝተደርዐ ክኸውን ንምሕጋዝ ዝዓለመ እዩ፡፡ ስለ'ዚ፡ ዝተኣታተወ ናይ ኮምፕዩተር ትምህርቲ ከኣ፡ ኣብ'ዚ ሕጂ ግዜ፡ ተመሃሮ 2ይ ደረጃ፡ ምስ ኮምፕዩተር ዘለዎም ሌላን ኣፍልጦን ከዕብዩ ኣኽኢሉ እዩ፡፡ ናይ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ባና ሓርነት ፍልይ ዝበሎ ግን፡ እታ ቤት ትምህርቲ ዘለዉዋ ኮምፕዩተራት ብሰንኪ ግዜኦም ዝሓለፉ ምዃኖም፡ ከሰርሕዎ ስለ ዘይክኣሉ፡ ተመሃሮኣ ኣብ ክንዲ ኮምፕዩተር ሞባይል ክጥቀሙ'ያ ፈቒዳ፡፡ ዚ ጉዳይ ክዉን ንምግባር ካብ ዝጸዓቱ ሓይሊ፡ መምህር ኤልሻዳይ ሙሴ'ዩ፡፡ ንሱ፡ ኮምፕዩተራት ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ ከሰርሓኦ ስለ ዘይክኣላ፡ ነታ ኣብ ኢድ ነፍሲ-ወከፍ ተመሃራይ እትርከብ ሞባይል'ዩ ኣብ ረብሓ ተመሃሮ ከውዕላ ተበገሰ፡፡ ተበግሰኡ ዕዉት ብምዃኑ ከኣ፡ ኣብነታዊ መምህር ክሰምዮ ክኢሉ፡፡ በዚ መሰረት፡ ተመሃሮ ነቲ ናይ ኣይ.ቲ (IT) ትምህርቶም ሞባይሎቶም እናተጠቐሙ ክመሃርዎ ተገይሩ፡፡ ምስኡ ድማ፡ መምህራን ንትምህርቲ ክጠቅም ይኽእል'ዩ ዝበልዎ ፕሮግራም፡ ኣብ ሞባይሎም ብምጽዓን ንተመሃሮ ተረቢሒቲ ይገብርዎም ኣለው፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፡ ተመሃሮ ናይ'ታ ቤት ትምህርቲ፡ ዝበዝሐ ንጥፈታት ናይ ኮምፕዩተር፡ ኣብ ሞባይሎም ክገብሩ ክኢሎም ኣለው፡፡

ቅድሚ ሞባይል ኣብ ናይ ትምህርቲ ግዜ ምእታው፡ ተመሃሮ ዘይቅርጠው ኣጠቓቕማ ሞባይል ከም ዝበርዎ'ዩ መምህር ኤልሻዳይ ሙሴ ዝገልጽ፡፡ ካልእ፡ ተመሃሮ ነታ ዝውንንዋ ሞባይል፡ ከም ሓንቲ ናይ መዘናግዒ ንብረት ጥራይ ምጥማቶም ከኣ፡ ተወሳኺ ኣሉታዊ መረዳእታ ምዃኑ ይሕብር፡፡ ኣብ'ዛ ቤት ትምህርቲ ተፈጢሩ ብዘሎ ንቕሓት ግና፡ ተመሃሮ ንሞባይል ኣብ ትምህርቶም ሓጋዚቶም ገይሮማ ከም ዘለው፡ መምህር ኤልሻዳይ ወሲኹ ይሕብር፡፡ ንኣብነት፡ ተመሃሮ ኣብ'ቲ ዘይመሃሩሉ ግዜ ናብ ትምህርቶም እናመጽኡ፡ ነቲ ኣብ'ታ ቤት ትምህርቲ ተዋዲዱ ዝርከብ ድጂታል ላይብረሪ ይጥቀምሉ ኣለው፡፡ ቅዳሕ ናይ'ቲ ዲጂታላዊ መጻሕፍቲ ካብ'ቲ መርበብ እናውረዱ'ውን ክወስዱን ክጥቀምሉን ክኢሎም ደርከቡ፡፡

ትምህርቲ ሓያል ኣደኒቦ ዝሓትት ዓውዲ'ዩ፡፡ ኣደኒቦን ወኒን ዘለዎ ተመሃራይ ድማ፡ ምስኡ ብሉጻት ተመሃሮ ይሰርሖ፡፡ ተመሃሮ ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ድማ፡ ብሶላ'ቲ ንኣጠቓቕማ ሞባይል ዝምልከት ዝወጽኡ መምርሒ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ ሞባይሎቶም ዝንኣድ ብቕዓት የጥርዩ ከም ዘለዉ ይሕብር፡፡ መምህር ኤልሻዳይ ካብ ተመኩሮኡ ክገልጽ ከሎ፡ ተመሃሮ ንግዜኦም ብጽቡቕ ምእንቲ ክጥቀምሉ፡ ሞባይል ተጠቒሞም ብዝሓለ ዕዮ ገዛ ክሰርሑ ከም ዝወሃቦም ይገልጽ፡፡ እዚ ከኣ ንደረጃ ንቕሓቶምን ኣጠማምታኦምን ኣብ ሞባይል ይቕይር ኣሎ፡፡

ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ባና ሓርነት፡ ነቲ ኣብ ሞባይሎቶም ተጻዒኑ ዝርከብ ኣፕሊከሽን (ብፕሮግራም) ተጠቒሞም፡ ብዛዕባ WPS office፡ Microsoft word፡ Microsoft PowerPoint፡ Microsoft Excel ወዘተ ጽቡቕ ኣፍልጦን ልምድን ኣጥሪዮም ከም ዘለዉ መምህር ኤልሻዳይ ይሕብር፡፡ እዚ ከኣ፡ ካብ'ቲ ዝኣሰ ክሳብ እቲ ዝዓበየ ዕዮ፡ ከመይ ገይርካ ብሞባይልካ ሰነዳት ትሕዝን ተዳሉን ይጠቕምዎም፡፡ ኣብ መጻኢ ሂወቶም'ውን ኮምፕዩተር ተጠቒሞም ኣብ ዝገብርዎ ስራሓት ብዙሕ ከም ዝሕግዞም ኣየጣትዕን፡፡ ንኣብነት፡ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብተመሃሮ ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ዝተዳለወ ፈስቲቫል ነይሩ፡፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ከኣ፡ ብተመሃሮ 11 ክፍሊ ዝተዳለወት መጽሓፍ ቀሪባ፡ እዛ መጽሓፍ፡ ተመሃሮ ሞባይሎም ተጠቒሞም ዘዳለውዋን ንሕትመት ዘብቅዕዋን እያ፡፡ እዚ ድማ፡ ጽቡቕ ትምህርቲ ከም ዝቐሰሙ ዝሕብር ሓደ ምዕራፍ ናይ ኣጠቓቕማ ሞባይል እዩ፡፡

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ፡ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ (AI) ኣብ መላእ ሕብረተሰብ ዓለም ተጠቃምነቱ እናዓዘዘ ዝመጽእ ዘሎ እዩ፡፡ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ብተመሃሮ'ውን ተጠቃምነት ረኺቡ ይርከብ፡፡ ንዝደለኻዮ ሕቶ ትሓቶ ብዝደለኻዮ ኣገባብ ድማ ይምልሰልካ፡፡ ኣብ ሃገርና፡ ካብ ኢንተርነት ወጻኢ ዝሰርሑ ብዙሓት ፕሮግራማት ማለት ኣፕሊኬሽናት ይቀላቐሉ ኣለው፡፡ በዚኦም ፕሮግራማት ድማ፡ ተመሃሮ ዝተዋህቦም ዕዮ ገዛ ብዘይ ገለ ጸገምን ጻዕርን ቀዲሖም ክቕርብዎ ይኽእሉ፡፡ ከም ኣይሪስ (IRIS)፡ ፖኬትፓል (pocketpal) ዝኣመሰሉ ናይ ኤይኣይ ኣፕሊኬሽናት መጺኦም ከም ዘለዉ ድማ መምህር ኤልሻዳይ ይገልጽ፡፡ እዞም ፕሮግራማት፡ ንተመሃሮ ካብ'ቲ ባዕሎቶም ክገብርዎ ዘለዎም ንጥፈታት ትምህርቲ ከሰናኽልዎም እዮም፡፡ ዚ ንምውጋድ ካብ እንጥቀመሉ ሜላ ሓደ ድማ፡ ደረጃ ተመሃሮና ምፍላጥ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ሰብ ዝሰርሖ ብልሒ፡ ከቢድቲ ቃላት (Vocabulary) ይጥቀም እዩ፡፡ ብኣንጻሩ፡ ተመሃሮና ገለጽቲ ወይ ቀለልቲ ቃላት ይጥቀሙ፡፡ በዚ ከኣ፡ እቲ ስራሕ ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ተሰሪሑን ኣይተሰርሐን ክንፈልጥ ከም እንኽእል መምህር ኤልሻዳይ ይሕብር፡፡ እቲ ካልኣይ መንገዲ፡ "ንእሾኽ ብእሾኽ ምውጻእ" ከም ዝበሃል፡ ተመራመርቲ ንመስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ንምዕቃብ ዝዓለመ ሓደሽ ምህዞ ምህዛም ደርከቡ፡፡ ስለዚ፡ እቲ ብተመሃሮ ዝተዳለወ ምዱብ ዕዮ፡ ብሰብ ዝሰርሖ ብልሒ ተዳልዩ ደዩ ኣይተዳለወን በዚ መሳርሒት ክፍለጥ ይኽእል፡፡ እዚ ከኣ፡ ኣብ ምስትምሃር ዓቢ መስተርሆት ፈጢሩ ከም ዘሎ መምህር ኤልሻዳይ ይገልጽ፡፡




ብተመሃሮ ዝተዳለወት መጽሓፍ

መምህር ሶልያና ኤፍሬም ብዓውዲ ስነ ልቦና'ያ ተመሪቓ፡፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ድማ፡ ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ባና ሓርነት ከም ኣማኻሪትን መዓዲትን ተመሃሮ ኮይና ትሰርሕ ኣላ፡፡ መምህር ሶልያና፡ ንሓፈሻዊ ኣጠቓቕማ ሞባይል ብተመሃሮ ክትገልጽ ከላ፡ "ተመሃሮ ብሰንኪ ሞባይል ምጥቃሞም፡ ትምህርቲ ከሰልችዎም ይጅምር፡፡ ንኹሉ ንጥፈታቶም፡ ምስ ገጽ ናይ ሞባይሎም ዝተኣሳሰረ ክገብርዎ ስለ ዝፍትኑ እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ ነቲ ናይ ምጽሓፍን ምንባብን ሸውሃቶም ይዓጽዎ ማለት እዩ፡፡ ብዝሒ ገጽ ሞባይል ምጥማት'ውን ናብ ዋሕዲ ድቃስ ዘቃልዕ ብምዃኑ፡ ተመሃሮ ኣብ ትምህርቲ ምሉእ ትኹረት ክህቡ ይሽገሩ፡፡ ብሰንኪ'ዚ፡ ኣብ መንጎ ናይ ክፍሊ ግዜኦም፡ ርእሰይ ሓሚመን ተጨኒቐን ዝብል መመኽንይታታት የስምዑ" ትብል፡፡ ንሳ ወሲኻ፡ ጸቕጢ ማዕኖ'ውን እቲ ዝዓበየ ግድል ናይ ተመሃሮ ምዃኑ ትሕብር፡፡ እዚ ማለት፡ ተመሃሮ ዝውንንወን ሞባይላት፡ ካብ ንሓድሕደን ስለ ዝበላልጻ ኑቶም ተመሃሮ



መም/ ኤልሻዳይ ሙሴ

ኣብ ውድድር ይሸሞም፡፡ ዚ ጸገም ንምፍታሕ ድማ፡ ቤት ትምህርቲ ባና ሕርነት፡ ኣብ መምሃሪ ክፍሊ ኣይ.ቲ (IT)፡ ተመሃሮ ብሞባዕረ ዝጥቀሙለን ታብለት ከተኣታቱ መደብ ኣውጺኡ ከም ዘሎ ሓቢሩ፡፡ እቲ ካልእ ኣሉታዊ ጎድኒ ሞባይል ድማ፡ ኩሉ ነገር ምስ ምርኣይን ምስማዕን ዝተኣሳሰረ ብምዃኑ እዩ፡፡ ዚ ሽግር ንምፍታሕ'ውን ዝተፈላለዩ ንትምህርቲ ዝገልጹ ሰእልታት፡ ቪድዮታት ምድላው ከም ዘድሊ መምህር ሶልያና ትገልጽ፡፡

እቲ ዝዓበየ ሕማም ናይ'ዚ ዘመን፡ ማንዛዊ ኦቲዝም (virtual autism) ዝበሃል እዩ፡፡ እዚ ከኣ፡ ንቖልዑ ናብ ምሐር ዋጊ፡ ዘይንብር ስምዒታት የቃልዖም ኣሎ፡፡ ብተወሳኺ፡ ብዙሓት ተመሃሮ፡ ተጠቀምቲ ቪድዮታት ቲክቶክ ብምዃኖም፡ ንሱ ምግባር ተመሃሮ ይጸልዎ ከም ዘሎ መምህር ሶልያና ትገልጽ፡፡ ኣብ ቪድዮታት ቲክቶክ ብዙሓት መሃርቲ ነገራት ክንረክብ ንኽእል'ኳ እንተ ኾንና፡ ብርክት ዝበሉ ካብ'ቶም ትሕዝቶታት ግና፡ ንላግጸን ካልእን ዝዕድሙ እዮም፡፡ እዚ ከኣ፡ ንማሕበራዊ ክብርታት ሕብረተሰብ ብኣሉታ ከም ዝጸልዉ መምህር ሶልያና ተብርህ፡፡

ንመምህር ሶልያና እዛ ትስዕብ ሕቶ ሓቲትና ኢና ተፋኒናያ፡፡ ሞባይል ወልፊ ክትከውን ትኽእል ዶያ፧ ትብል፡፡ መልሲ መምህር ሶልያና፡ "እወ ወልፊ ትኸውን'ያ" ዝብል'ዩ፡፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ሞባይል ንብዙሓት ሰባት ወልፊ ኮይናቶም ከም ዘላ'ውን ትገልጽ፡፡ ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ጸጸኒሑ ካብ ጅባኡ ሞባይል ኣውጺኡ ደጋጊሙ ክዕዘብ ከሎ፡ ከምኡ'ውን ምስ ሰብ እናየዕለለ ጸጸኒሑ ሞባይሉ ከፊቱ ክፍትሻ ከሎ፡ ምልክት ወልፊ ምዃኑ ተብርህ፡፡ ስለዚ፡ ብዘይ ሞባይል ዝነብር ኮይኑ ዘይሰምዖም ሰባት እናበዝሑ ይመጽኡ ምህላዎም ከኣ፡ ንወልፊ ዝገልጽ ባህርያት ሞባይል ስለ ዘሎ፡ ኣብ ኣጠቓቕማና ጥንቁቓት ክንከውን ትመኽር፡፡

# ንቑሕ ደበና

ሄለን መኸታ

## ርእሰ ገምጋም

### ኣብዚ ዓመት ብውልቅና ዝወጠናዮ ዕማም ዓሚምናዶ?

ዓመት መጽአ ህይወትና ንምምሕያሽ፡ ኣሉታዊ ጽልዋ ዘሎዎ ዘጸንሓና ልምዲ ክንሓድግ፡ ንዕቤት ዝሕግዝ ልምዲ ከነዕቢ፡ ዘወንዘፍናዮ ዕዮ ክንዛዝም፡ ማሕበረ ቍጠባዊ ትጽቢት ሕብረተሰብ ከነማልእ፡ ዘዕግበናን እንምነዮን ነገራት ክንገብር፡ ወዘተ መደብ ንገብር ኢና። ዓመት ክውዳእ ምስ በለ ከኣ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝነበረና መደብ ንዝክርን ብኸፊሉ ርእስና ንግምግምን ኢና። ልክዕ ከምቲ ኣብ ተሓታትነት ዘሎዎ ስራሕ ዝግበር መስርሕ፡ ምስ ነብስና ኣብ ኣኼባ ኣቲና ጸብጻብን ገምጋምን ኣይነካይድን ኢና። ዝሓለፈ ዓመት ዝመደብናዮ እንተ ዘይኣተግቢርናዮ፡ ከምቲ ኣብ ቦታ ስራሕና ዝግበር ተሓታትነት ኣይህሉወናን እዩ። “ዓሚ’ኮ ቋንቋ ዓረብ ክመሃር መዲበ ነይረ፣ ግን ጉዳያት በዚሖም፡ ከይተረዳኣኒ እዛ ዓመት ሸርብ ኢላ፡ ” “ዝገርም እዩ! ዓመት ዓመት ‘ንግሆ ጉያ ክጅመር’የ’ እብል፣ ግን ብፍጹም ኣይገብሮን እየ፡” “ከምቲ ዝመደብኩዎ ኣብ ግዜኡ እንተ ዝጅምር ሕጂ ወዲአዮ ምሃለኹ፣ ዕዳጋ ግን ኣደኻ ከም ዘለኣኸትካ ኣይኮነን፡” … ልሙድ ዘረባ ኣረጊት ዓመት እዩ።

ዓመተ 2025 ኣብ ምዝዛም ኢና ንርከብ ዘለና። ኣብዚ ዓመት ዝነበረና መደብ ካብ ምዝካርን ምጽብጻብን ሓሊፉና ተመሊስና እንገብሮ ዝኾነ ለወጢ የለን። ንምንታይ ደኣ’ሞ ኣብ ዘይምለስ ነገር ንጸባጽብን ንካታዕን? ሰብ፡ ምስዚ ኩሉ ብልሑ፡ ተፈጥሮ ዝድርቶ ክፉል ግን ኣሎዎ። ኣብ ህይወት ንድሕሪት ተመሊስና ንዝተገበረ ነገር ክንቅይር ወይ ከነዐሪ ዕድል የብልና፣ መጻኢና ኣይንፈልጥን፣ ሓድሽ ነገር ክንመሃር ጸዓትን ግዜን የድልየና፣ ዘበዝሐ ትምህርቲ ብምፍታንን ምልምማድን እዩ ዝካየድ፣ ወዘተ። እዝን ካልእን ተፈጥሮኣዊ ድሩትነት ንምሽፋን ኢና እምበኣር፡ ኣብ ዘሎዊና ክእለታትን ዕድላትን ክንምርኮስ እንግደድ። እቲ ዝዓበየ ንሰብ ዝተዓደሎ ጸጋ፡ ክዝክርን ካብ ሕሉፍ ክመሃርን ይኽእል ምዃኑ እዩ። ኩሉ ሰብ ክዝክርን ክመሃርን ይኽእል እኳ እንተኾነ፡ ተወሳኺ ጥበብን ኣገባብን ብምትእትታው ዝበለጸ ክንመሃር ንኽእል። በዚ መንጽር፡ ርእሰ ገምጋም እምበኣር ሓደ ካብቲ ብዝለዓለ ደረጃ ካብ ሕሉፍና ክንመሃር ዘኽእል ጥበብ እዩ። ርእሰ ገምጋም፡ ባህርና፡ ልምድና፡ ውጽኢት ስራሕና፡ ማሕበራዊ ዝምድናናን ካልእን እንመዝነሉ መስርሕ እዩ። ሓያልን ድኹም ጐድንና፡ ዝንባለና፡ ከነማዕብሎ ዝግባኣና ሸነኽ፡ ወዘተ ብምልላይ ኣብ መጻኢ ዝሓሸ መገዲ ክንጥቀም ይሕግዝ።

#### ንርእስና ክንግምግም ንኽእልዶ?

ርእሰ ገምጋም፡ ንውጽኢትናን ኣካይዳናን እንገብሮ ባዕላዊ መግለጽን ሚዛንን እዩ። ብዛዕባና ካባና ንላዕሊ ዝፈልጥ ኣካል ስለ ዘየለ፡ ብዛዕባ ርእስና ቅኑዕ ዝኾነ ሓበሬታ ክንረክብ የኽእለና። ካልእ ሰብ ካብ ዝገብሮ ገምጋም ንላዕሊ፡ መደብና ናይ ዘይምትግባርና ርትዓዊ ምኽንያትን ዝነበረና ብልጫን ክነለሊ ይሕግዝ። ካልእ ሰብ ክግምግመና ከሎ፡ ብዘሎዎ ውልቃዊ ኣመለኻኽታን ተመኩሮን ክጽሎ ስለ ዝኽእል፡ ንሚዛናውነት ገምጋም ኣሉታዊ ጽልዋ ክህሉዎ ይኽእል። መብዛሕትና፡ ንዝመደብናዮ መደብ ከም ዘይዓመምና ንእመን ምዃና ከም እወታዊ ሸነኽ ክውሰድ ይኽእል እዩ። እንተኾነ፡ እቲ እነምጽኦ ምኽኒት ምኽንያታዊ ኮይኑ ኣይጸንሕን። ባዕልና ንባዕልና ስለዝኾንና ከኣ እነምጽኦ ምኽኒት ርትዓዊ ዘይምዃኑ እናፈለጥና ሸለል ንብሎ። ሕመቕና ንኽይልለ፡ ድኽመትና ክንሽፍን ባይታ ክኸፍተልና ይኽእል። ንግዜኡ ዘስምዓና ሕማቕ ስምዒት ኣይህሉን፣ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ግን ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ዘይተምለስ ይኸውን። ስለዚ ርእሰ ገምጋም ምስ ዘሎዎ እወታዊ ሸነኽ፡ ኣድማዒ ንኽኸውን ገለ ሜላታት ክነጠቓልል የድልየና። ኣድማዒ ርእሰ ገምጋም፡ ንምክያድ ዝሕግዝ ረቛሒታት፡



##### 1. ልዑል ርእሰ ምፍላጥ፡ ክብርን ምትእምማንን ምህላው

ርእሰ ገምጋም ንምክያድ፡ ብዛዕባ ገዛእ ርእስና እኹል ኣፍልጦ የድሊ። ዘውጻእናዮ መደብ ክንዓሞ ዘይመኸኣሊና ምኽንያት፡ ሕጽረት ክእለት ድዩ ወይስ ዘይተገዳስነት ከነለልን ሕጽረትና ኣብ መጻኢ ክንፍውስን እንተ ኴንና፡ ፈለማ ዘሎና ባህሪ፡ ክእለት፡ ባህጊ፡ ጸጋታት፡ … ክነለሊ የድሊ። ርእሰ ገምጋም መደብና ክንዓዪ ምስ ዘይንኽእል፡ ነብስና እንወቕሰሉ፡ መደብና ምስ እንዓምም ከኣ እንንየተሉ መገዲ ኣይኮነን። ድልዱል ነብሰ ክብሪ ምስ ዘይህሉወና ካብ ድኻምና ኣብ ክንዲ ንመሃር - ክንሓፍር፣ ኣብ ግዜ ዓወትና ከኣ ኣብ ክንዲ ትሕትና ትዕቢት ከስዕበልና ይኽእል። ስለዚ ውጽኢታዊ ርእሰ ገምጋም ንምክያድ፡ ድልዱል ርእሰ ክብሪ መሰረታዊ ረቛሒ ይገብሮ። ርእሰ ገምጋም፡ ብዛዕባ ነብስና ብዘይ ሕብእብእ እንዛተየሉ መስርሕ እዩ። ነዚ ብመረዳእታ ንምትግባር ከኣ ልዑል ነብሰ ምትእምማን ይሓትት።

##### 2. ትምህርቲ፡ ተመኩሮን ዕቤትን ከም መምዘኒ ምውሳድ

ገምጋም፡ ናይ ትምህርትን ተመኩሮን ባይታ’ዩ። ኪንዮ ስራሕ ተሰሪሑዶ ኣይተሰርሐን፡ ዝተረኽበ ትምህርትን ተመኩሮን ማእከል ናይ ገምጋም ምስ ዝኸውን ውጽኢታዊ ይገብሮ። ገምጋም ብሓፈሻኡ፡ ርእሰ ገምጋም ከኣ ብፍላይ፡ ብመሃርን ኣዕባይን ኣገባብ ምስ ዝካየድ፡ ኣብ መጻኢ ንዕቤት ዘማእዝን ስራሕ ክሰራሕ ድርኺት ክፈጥር ይኽእል። ኣብ ክንዲ ብድብድቡ “ዝተመደበ ስራሕ ብዓወት ወይ ብምልኣት ተተግቢሩ” ኢልና እንዓጽዎ፡ ኣብኡ ዝተጠርየ ተመኩሮ ክካፈል ዕድል ክንፈጥር ንኽእል።

##### 3. ንውጽኢት ስራሕ፡ ባህሪ፡

ልምዲ ምግምጋም

ገምጋም ብዕላማ ዝግበር መስርሕ እዩ። ክንግምግም ከለና ከኣ መገምገሚ ረቛሒታት ኣውጺእና ንግምግም። ንኣብነት፥ “ኣብ 2025 ሓሙሽተ ናይ ታሪኽ ኤርትራ መጽሓፍቲ ከንብብ እየ፡ ” ኢልና መዲብና እንተ ነይርና፡ ኣብ መወዳእታ ዓመት ነዚ ንጥፈት ጥራይ ኢና ክንግምግም ዝግባእ። መደብና ዘይመተግበሪና ምኽንያት፡ ምስ ካልእ ጉዳያት ሓዋዊስና እንተ ገምጊምናዮ፡ ተዛማድነት ዝጐደሎን ዘይፍትሓውን ይኸውን። ሓንቲ ስራሕ ክንሰርሓ ስለ ዘይከኣልና፡ ነብስና ነዳኽምን ነትሕትን ምስ እንህሉ፡ ርእሰ ገምጋም ዘይኮነ ርእሰ ምትሓት እዩ።

##### 4. ግሉጽነት

ሓደ ካብቲ ርእሰ ገምጋም በዳሂ ዝገብሮ፡ ባዕልና ንነብሳ ስለ እንግምግም፡ ካብ ተሓታትነት ክንሃድም ውሑስ ባይታ ይፈጥር ምዃኑ እዩ። ብፍላይ መደብና ብዝግባእ ምስ ዘይነተግብር፡ ብግቡእ ርእሰ ገምጋም ክንገብር ትብዓት ንስእን ኢና። እንተኾነ፡ ርእሰ ገምጋም ንትምህርትን ተመኩሮን እዩ ኢልና ምስ እንሓስብ፡ ዝተፈልየ ውጽኢት ክርከቦ ይኽእል። ግሉጽነት ወሳኒ ረቛሒ ርእሰ ገምጋም እዩ። ብግልጺ ድኽመትና ክንቅበልን ሓላፍነት ክንሰክምን ምስ ዘይንኽእል፡ እንገብሮ ርእሰ ገምጋም መሃሪን ኣማዕባልን ኣይከውንን። ነዚ ንምትግባር፡ ልዑል ርእሰ ተኣማማንነትን ሓላፍነት ናይ ምስካም ብቕዓትን የድሊ።

## ርእሰ ገምጋም Vs ትካላዊ ገምጋም

ጥበብ ርእሰ ገምጋም ዘይብሉ ሰብ ኣብ ትካሉ ዝካየድ ገምጋም ብምልኣት ክዋጽኦ ይኽእልዶ?

ታሕሳስ፡ ቀዋሚ ስራሕ ኣብ ዘሎወን ትካላት፡ ናይ ጸብጻብን ገምጋምን ወርሒ እያ። መደብ ስራሕ ምጽብጻብን ምግምጋምን ሓደ ካብቲ ትካላዊ ኣሰራርሓ ዝጠልቦ መስርሕ እዩ። ትካላት፡ ናይ ምውጣንን ምግምጋምን መስርሕ ከካይዳ ዝበቕዓ፡ ብሰብ ስለ ዝምርሓ እዩ። ሓንጐል ሰብ መጻኢ ናይ ምንባይ፡ ሕሉፍ ናይ ምዝካር፡ ከምኡ’ውን ኣብ መንጎ’ዚ ክልተ ህሞት ዝተረኽበ ውጽኢት ናይ ምምዝዛን ክእለት ኣሎዎ። እዚ ትዕድልቲ’ዚ ስለ ዘሎና ከኣ’ዩ ኣብ ትካላትና ንመጻኢ ክውጥንን ናይ ዝሓለፈ ከኣ ክንግምግምን እንበቅዕ። ኣብ ቦታ ስራሕ ዝግበር ገምጋም፡ ውጥንን ትግባረን ትካል ዝዕቅን እዩ። ውልቃዊ ህይወትናኸ ንምግምግሞዶ? ርእስና ብቕንዕና ክንግምግም ንኽእልዶ? ከምቲ ዝብሃል ግን ሰብ ኣብ ዓይኑ ዘሎ ጕንዲ ዘይርኣየ ኣብ ዓይኒ ካልእ ሰብ ዘሎ ገፈል ክርኢ እዩ ዝቐሎ። ስለዚ ከኣ’ዩ፡ ዝኾነ ሰብ ናቱ ገዲፉ ናይ ካልእ ሰብ ክጸባጸብ ዘይሸገሮ።

ምስ ገዛእ ርእስና እንገብሮ ገምጋም ይኹን ብደረጃ ትካል ዝግበር ገምጋም፡ ዕላማኡ ተመኩሮ ምልውዋጥን ዝሓሸ ኣገባብ ምትእትታውን እዩ። ብእኡ መንጽር ከኣ ዕቤትን ኣፍራይነትን ክነውሕስ የኽእል። እኹል መረዳእታ ኣብ ዕላማን ትርጉምን ገምጋም፡ ከምኡ ድማ ብዛዕባ ኣድማዒ ኣገባብ ርእሰ ገምጋም ኣፍልጦ ምስ ዘይህሉወና፡ በቲ ዝግባእ ክነተግብሮ ኣይንኽእል። ገምጋም ክንዲ’ቲ ዘሎዎ ጥቕሚ፡ ብዝግባእ ክንጥቀመሉ ምስ ዘይንኽእል፡ ናብ ኣበር ምጽብጻብን ምጥቅቓዕን ከድህብ ይኽእል። ኣብ ትካላዊ ባህልን ኣፍራይነትን ከኣ ኣሉታዊ ጽልዋ ይህሉዎ። ኣብ ሓደ ትካል፡ ገምጋም ከምቲ ዝተዓለሞ ንእወታዊ ለውጢ እቲ ትካል ክድርኽ እንተ ኮይኑ፡ ካብ ግቡእ ኣገባብን መረዳእታን ርእሰ ገምጋም ክጅመር ይግባእ። ሰራሕተኛታት ገዛእ ርእሶም ክግምግሙን ካብ ሕሉፍ ተመኩሮኦም ክመሃሩን ክፉታት ምስ ዝኾኑ፡ ነቲ ትካል ናብ ቅኑዕ መኣዝን ኣብ ምምራሕ ልዑል ተራ ክህሉዎም ይኽእል። ገምጋማትና ከኣ ከምቲ ዝተዓለመሉ፡ ናብ ኣፍራይነትን ዝበረኸ ውጽኢትን ክምርሓና ይኽእል።

### ፊተ ፊት ምስ ገዛእ ርእስኻ

ሓደ እዋን ኣብ ሓደ ትካል ሓደ መርድእ ተጠቀዐ። ኣባላት እቲ ትካል ብስንባደ ክንብቡዎ ጀመሩ። “እቲ ትካልናን ንኣኹምን ንኸይትዓብዩ ዝሕንኮል ዝነበረ ሰብ ትማሊ ዓሪፉ። ኣብ ኣዳራሽ በብሓደ እናመጻእኩም ክትሰናበቱዎ ከም እትኽእሉ ንሕብር፡” ዝብል ነበረ። ኣብ ፈለማ መሳርሕቶም ብምማቱ ሕማቕ ተሰምዖም። ጸኒሖም ግን እቲ ንዕብየቶምን ዕብየት ትካሎምን ዝዕንቅፍ ዝነበረ ሰብ መን ምዃኑ ንኽፈልጡ ተሃንጠዩ። ኣብቲ ኣዳራሽ ንፋንዋ እቲ ምውት ሓደ ኣገባብ ተዳለወ። ሰራሕተኛታት፡ በቲ ሓደ ማዕጾ ኣትዮም፡ ናብቲ ሳንዱቕ ሬሳ ቀሪቦም፡ ንመዋቲ ተፋንዮም ወይ ጸሎት ገይሮም በቲ ሓደ ማዕጾ ክወጽኡ፣ ኣብ ውሽጢ ኣዳራሽ ጽቕጥቅጥ ኩነ ዘረባ ንኸይህሉ ናይ ጸጥታ ኣባላት ክሕልዉ’ውን ተመደበ። ከምቲ ዝተመደበ ከኣ ሰራሕተኛታት እቲ ትካል በብሓደ ናብቲ ኣዳራሽ ክኣትው ጀመሩ።

ነፍሲወከፎም ርሕቀቶም ሓልዮም ናብቲ ሳንዱቕ ሬሳ ይቐርቡ ነበሩ። እቶም ኣብቲ ሳንዱቕ ሬሳ ዝበጽሑ ሰራሕተኛታት፡ ናብ ውሽጢ’ቲ ሳንዱቕ ርእዮም ይስንብዱን ብዘይ ዘረባ ይዕዘሙን ነበሩ። ነቶም ድሕሪኦም ዝመጽኡ ከኣ ዝያዳ ህንጡይነት ከም ዘሕድሩ ገበሩዎም። እቶም ተሃንጥዮም ዝመጽኡ’ውን ብተመሳሳሊ ይስንብዱን ይዕዘሙን ነበሩ።

ኣብ ውሽጢ እቲ ሳንዱቕ ሬሳ፡ ሬሳ ኣይነበረን። እንታይ ደኣ ሓደ ዓቢ መስትያት ነበረ። ሰራሕተኛታት ናብቲ ሳንዱቕ ቅልቅል ኣብ ዝበልሉ፡ ገዛእ ርእሶም ርእዮም ይስንብዱ ነበሩ። ኣብ ጐድኒ እቲ መስትያት ከኣ፡ “ንዕብየትካ ክዕንቅጽ ዝኽእል ሓደ ሰብ ጥራይ’ዩ፣ ንሱ ድማ ንስኻ ኢኻ፡ ” ዝብል ጽሑፍ ነበረ። እቲ ንህይወትና ክልውጥ ዝኽእል ሰብ ንሕና ጥራይ ኢና። ንሓጐስና፡ ግንዛበናን ዓወትናን እንጸሉ ባዕልና ኢና። ነብስና ብዘይካና ሓጋዚ የብላን። ሓለፍትና፡ መሓዙትና፡ መጻምድትናን ትካልናን ክቕየሩ እንከለው፡ ህይወትና ኣይቅየርን፣ ህይወትና ንሕና ምስ ተቐይርና’ዩ ዝቕየር። ደረትና ምስ ደፋእና፡ ሓጹርና ምስ ኣለና፡ ድሩትነትና ምስ ሰዓርና’ዩ ህይወትና ዝልወጥ። ሞተረ ለውጢ ህይወትና ንሕና ኢና። ሓላፍነት ናይ ህይወትና ኣባና ይምርኩስ። ዓለም ልክዕ ከምቲ መስትያት እያ። እቲ ዝያዳ ዝሓሰብናሉን ዝኣመንናሉን እያ እተንጸባርቐልና።

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኤም-23፡ ስትራተጂካዊት ከተማ ተቆጻጺሩ



ትማሊ ሓሙስ፡ ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ እትርከብ ስትራተጂካዊት ከተማ ኡቪራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ከም ዘእተወ ሓቢሩ።

መንግስቲ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ እቲ ብርዋንዳ ከም ዝድገፍ ዝገለጾ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ነቲ ብዘመንኛኸት ኣመሪካ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም፡ ጥሒሱ መጥቃዕቲ ከም ዝኸፈተ ከሲሱ። በዚ ድማ እቲ ውዕል ክፈርስ ከም ዝኽእል ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23፡ ነቲ ከተማ ኡቪራ ጉድኣት ከም ዘይወረዶምን ዕለታዊ ንጥፈታቶም ክጀምሩ ከም ዝኽእሉን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ዝሓለፈ ሰሙን፡ ፕረዚደንት ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ፊሊክስ ትሺሰከዲ ምስ ርዋንዳዊ መዘናኡ ፖል ካጋመ ኣብ ዋሽንግተን ብምርኻብ፡ ስምምዕ ሰላም ምኽታሞም ዝዝከር እዩ።

መንግስቲ ዲሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ፡ ርዋንዳ ነቲ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም ኣብ ሓደጋ ተእትዎ ከም ዘላ ብምኽሳስ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ህጹጽ ስጉምቲ ክወስድ ጸዊዑ።

ርዋንዳ፡ ንዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ከም እትድግፍ ዝቐርበላ ክሲ ብቐጻሊ እያ ትነጽጎ።

ገለ ምስቲ ከባቢ ቀረባት ዘለዎም ወገናት፡ እቲ ብዘመንኛኸት ኣመሪካ ዝተበጽሐ ስምምዕ ሰላም፡ ንጠንቂ ናይ’ቲ ግጭት ዘይዳህሰሰን ንዕጡቕ ጉጅለ ኤም-23 ከኣ ዘየሳተፈን ብምንባሩ፡ እቲ ዝተኸተመ ስምምዕ ሰላም ኣብቲ ዞባ ነባሪ ፍታሕ ክምጽእ ከም ዘይክእል ኣረጋጊጾም ኣለው።

ኣብ ደ.ረ.ኮንጎ ብሰንኪ ኩናት፡ ካብ 5 ክሳብ 8 ታሕሳስ ጥራይ ኣስታት 25 ሽሕ ዜጋታት ናይ’ታ ሃገር ናብ ብሩንዲ ከም ዝሃደሙ ጸብጻባት ሕቡራት ሃገራት የመልክቱ።

## ቨነዙዌላ ንኣመሪካ ብሽፍትነት ከሲሳ



ቨነዙዌላ፡ ኣባላት ሓለዋ ባሕሪ ኣመሪካ፡ ኣብ ባሕሪ ካሪብያን ንሓንቲ መርከብ ናይ’ታ ሃገር ከም ዝዓገቱ ብምሕባር እዚ ድማ ተግባራት ሽፍትነት ባሕሪ ከም ዝኾነ ገሊጻ።

ዋና ኣኽባሪት ሕጊ ኣመሪካ ፓም ቦንዲ፡ እታ 1.1 ሚልዮን በርሚል ዘይቲ ጸዒና ኣብ ባሕሪ ካሪብያን ተታሒዛ ዘላ መርከብ ቨነዙዌላ፡ ነቲ ኣብ 2022 ኣብ ልዕሊኣ ዝተኣወጀ እገዳ ብምጥሓስ ካብ ቬነዙዌላ ናብ ኢራን ትግዓዝ ምንባራ ኣሺሩ።

መንግስቲ ቨነዙዌላ፡ ኣመሪካ፡ ኣንጻር ምዝውዋር ዕጹ ፋርስ ዝቖነዐ ስርሒት ብዝብል ምስምስ ኣብ ልዕሊ ሃገሩ ንእተካይዶ ዘላ ዘይሕጋዊ መጥቃዕትታት ብምኹናን፡ ቨነዙዌላ ልዑላውነታ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታታን ሃገራዊ ክብራን ኣሕሊፋ ከምዘይትህበ፡ ክሳብ መወዳእታ ከም እትምክትን ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣብ 2022፡ ኣመሪካ ነታ ናይ ቨነዙዌላ መርከብ ናብ ኢራንን ሕዝቡላህን ንዳዲ ተቐርብ ከም ዘላ ብምኽሳስ ኣብ ልዕሊኣ እገዳ ምጽዳቓ ይፍለጥ።

ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ’ቲ ብዝሓለ ማዱሮ ዝምራሕ መንግስቲ ቨነዙዌላ ቀጻሊ ጸቕጢ ኣብ እትገብረሉ ዘላ እዋን፡ እቲ ዕላማ ንመንግስቲ ቨነዙዌላ ብምዕላው ንባህርያዊ ጸጋታት ቨነዙዌላ ንምዝማት ምዃኑ’ያ ካራካስ ትኸስስ።

## ኣመሪካ፡ ናይ 800 ሚልዮን ዶላር ሓገዝ ንዩክሬን ክትህብ ወሲና

ባይቶ ወከልቲ ህዝቢ ኣመሪካ፡ ክሳብ 2027 ኣብ ዘሎ ግዜ፡ ንዩክሬን ናይ 800 ሚልዮን ዶላር ወተሃደራዊ ሓገዝ ንምሃብ ዘኽእል እማመ ከም ዘጽደቐ ተሓቢሩ።

እቲ ዝሓለፈ ረቡዕ ዝጸደቐ እማመ፡ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ኣመሪካ ሓሊፉ ውሳኔ ክወሃቦ ምዃኑ ተገሊጹ ኣሎ።

ገለ ሓጋጊቲ ኣካላት ግን፡ ነቲ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ዩክሬን ዝተፈጸመ ናይ 100 ሚልዮን ዶላር ብልሽውና ብምጥቃስ፡ ንገንዘብ ገበርቲ ክፍሊ ኣመሪካ ናብታ ሃገር ናይ ምቕናዕ መደብ ተቓዊሞምዎ ኣለው።

ኣኽባሪት ሕጊ ዩክሬን፡ ናይ ነዊሕ እዋን ተሓባባሪን ናይ ንግዲ መሻርኽትን ፕረዚደንት ዩክሬን ቭላድሚር ዘለንስኪን ዝነበረ ቲሙር ሚንዲች፡ መራሒ ናይቲ ንሃገራት ምዕራብ ዘቖጠዐ ኣብ ጸላት ጸዓት ዩክሬን ዝተፈጸመ ብልሽውና ምዃኑ ሓቢሮም ኣለው።

ቲሙር ሚንዲች ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ቅድሚ ምውዓሉ ካብታ ሃገር ከምልጥ እንከሎ፡ ክልተ ሚኒስተራትን ሓላፊ ስታፍ ኣንድሬይ የርማክን ከኣ ምስቲ ብልሽውና ምትሕሓዝ ስለዝተረኽቦም ካብ ስልጣኖም ከም ዝወረዱ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።

እቲ እማመ፡ ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዩክሬን ምስ ፌደረሽን ሩሲያ ኣብ ስምምዕ ንኽትበጽሕ ጸቕጢ ኣብ ዘፈጥረላ ዘሎ እዋን ይጸድቕ ብምህላዉ፡ ኣብቲ ስምምዕ ሰላም ጽልዋ ክህልዎ ከም ዝኽእል እዩም ናይ ቀረባ ተዓዘብቲ ዝገልጹ።

ሞስኮ፡ ሃገራት ምዕራብ ንዩክሬን ዝሁበሪላ ዘለዋ ወተሃደራዊ ድጋፍ፡ ሓደ ካብ ሱር ጠንቂ ኩናት ዩክሬን-ሩሲያ ምዃኑ እያ ብተደጋጋሚ ተተሓሳስብ።



## ሚያንማር፡ 30 ሰባት ብደብዳብ ተቐቲሎም



ኣብ ሚያንማር፡ ኣብ ምዕራባዊ ክፋል ክፍለ ሃገር ራኪን ኣብ ልዕሊ ዝርከብ ዓቢ ሆስፒታል ብዝተኻየደ ደብዳብ ነፈርቲ ኩናት፡ ተሓከምቲ ዝርከብዎም 30 ሰባት ክቕተሉ እንከለው፡ ካልኦት ልዕሊ 70 ሰባት ከኣ ከም ዝቖሰሉ ተሓቢሩ።

እቲ ብ’ምራውክዩ’ ዝፍለጥ ሓፈሻዊ ሆስፒታል ብቲ መጥቃዕቲ ምሉእ ብምሉእ ከም ዝዓነወ፡ ኣፈኛ ናይ’ቲ ኣንጻር ወተሃደራዊ መንግስቲ ሚያንማር ዝዋጋእ ዘሎ ዕጡቕ ጉጅለ ሓቢሩ። እቲ ብ‘ኣራካን’ ዝፍለጥ ዕጡቕ ሓይሊ፡ ሓይልታት መንግስቲ ናይ’ታ ሃገር ኣብ ልዕሊ’ቲ ሆስፒታል ደብዳብ ከምዝካየዱ ምኽሳሱ ማዕከናት ዜና ሓቢረን።

እንተኾነ መንግስቲ ሚያንማር፡ ነቲ መጥቃዕቲ ኣመልኪቱ ዛጊት ዝኾነ መግለጺ ኣይሃበን ዘሎ።

ሰራዊት መንግስቲ ሚያንማር ኣብ ልዕሊ’ቲ ብዕጡቓት ሓይልታት ተታሒዞም ዘለዉ ከባቢታት ናይ’ታ ሃገር ኣልማማሚ ደብዳብ ብምክያድ፡ ንሓያሎ ሰላማውያን ዜጋታት ግዳይ ይገብር ከምዘሎ’ዩ ጉጅለ ‘ኣራካን’ ዝኸስስ።

## ትራምፕ፡ ናይ ሓደ ሚልዮን ዶላር ቪዛ ወግዓዊ ገይሩ



ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ብውሑዱ ሓደ ሚልዮን ዶላር ክኸፍሉ ንዝኽእሉ ዜጋታት ካልኦት ሃገራት ቅልጡፍ ቪዛ ኣመሪካ ዝህብ ውጥን ከም ዘበገሰ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ እቲ ናይ ሓደ ሚልዮን ቪዛ፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ዝመጽኡ ሰባት ዜግነት ኣመሪካ ንኽረኽቡ ዘኽእሎም ምዃኑ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝዘርግሖ ጽሑፍ ኣሺሩ።

ብመሰረት’ቲ ሓበሬታ፡ እቲ ‘ወርቃዊ’ ተባሂሉ ዝተሰምየ ቪዛ፡ ኑቶም ንኣመሪካ “ዓቢ ረብሓ” ከበርክቱ ዝኽእሉ ሰባት ዝወሃብ እዩ።

ትራምፕ ዝዘርገሖ ሓበሬታ ብተወሳኺ፡ ፍሉይ ምጉዳል ግብሪ ዝሁብ ብዓይኑ ዝበለጸ ካልእ ካርድ ከኣ ኣብዚ ቀረባ እዋን ብ5 ሚልዮን ዶላር ክቐርብ ምዃኑ ኣሺሩ ኣሎ።

ገለ ኣባላት ሰልፊ ዲሞክራትስ፡ እቲ ቪዛ ንሃብታማት ውልቀ ሰባት ጥራይ ዘርብሕ ዘይፍትሓዊ ኣካይዳ ምዃኑ እዮም ዝወቕሱ ዘለው።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ቪያ ጅዳ | 12/12/2025 | ጎደና ሲጋሌት ቀጣን ቁ.6፡ (ቪያጅዳ) | 07138002 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　ቁ.ቴሌፎን 127565